ሓዳስ ኤርትራ

መበል 36 ዓመት ቁ.4 ዓርቢ 4 መስከረም 2026 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ጸቕጢን ኮለስትሮልን...




ገጽ 3
ኢቦላ፡ ስለምታይ'ዩ ኣብ...



ገጽ 4
"ዕላማና ዘይቲ ሰምሰም...



ገጽ 5
መልእኽቲ ምስጋና..



ገጽ 7
ምልክታ

# መደብ ንኡስ ርቡሕ ቃጽያ ሕርሻ ንምስፋሕ ይስራሕ ኣሎ

ኣብ ንኡስ ዞባ ድባርዋ፡ ኣብ ዓድታት ዓዲ-ብዘሓንስ፡ ዓዲ-ነኽዮን እምኒ-ጸሊምን ንዘተዋጽኡ ሓረስቶትን ኣካባቢ ዓድን፡ ብ26 ነሓሰ ኣብ ረብሓን ኣገባብን መደብ ንኡስ ርቡሕ ቃጽያ ሕርሻ ኣብ ግራት ሓረስቶት ኣስተምህሮ ተዋሂቡ።



ኣብ ቤት-ጽሕፈት ሕርሻ ንኡስ ዞባ ድባርዋ ኣወሃሃዲ ናይ'ቲ መደብ ኣቶ መድሃኔ ዑቕባይ፡ ሓረስቶት ካብ'ቲ ኣህላኺ ልምዳዊ ኣገባብ ወጺኦም ብምህርትን ቁጠባን ንኽረብሑን መነባብሮኦም ንኽቕይሩን ብዙሕ ዝሕግዝ ፍቱን ሜላ ንኡስ ርቡሕ ቃጽያ ሕርሻ መብርሂ ሂቡ።

ሓረስቶት ኣብ ዘለዎም መሬት ግቡእ ምሕደራን ባህርያዊ ድኹዒን ተጠቂሞም ብመስመር ምስ ዝዘርኡ፡ ብውሑድ ዘርእን ጻዕርን ርቡሕ ምህርቲ ክሓፍሱ ከምዝኽእሉ፡ ኣብነታት ኣሰንዩ ኣብሪሁ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ሚኒስትሪ ሕርሻ ዓቕምታቶምን ንቕሓቶምን ንምብራኽ ዝገብሮ ዘሎ ኀሰንሰን ስልጠናን ደፋኢ ከምዝኾነ ብምሕባር፡ ምኽርን ማዕዳን ሞያውያን ከይፍለዮም ተማሕጺኖም።

ኣመሓዳሪ ምምሕዳር ከባቢ ዓዲ-ብዘሓንስ ኣቶ ኢሳይያስ ጽገሃንስ ብወገኑ፡ ኣብ ክልተ ጉጅለታት ዝተጠርነፉ 60 ሓረስቶት፡ ብስሙር ሓሪሶም ብመስመር ናይ ምዝራእ ተበግሶ ከምዝወሰዱ ብምጥቃስ፡ ንምስፍሑ - ስልጠንቲ ሓረስቶት ብኣብኡት ክመርሑ ተላቢዩ።

# ሓልሓል - ሃማደኤ ውዳበታቱ ንምሕያል ይሰርሕ ኣሎ



ቤት-ጽሕፈት ሃማደኤ ኣብ ንኡስ ዞባ ሓልሓል፡ ኣባላት ተጠርኒፈን ተጠቂምቲ ማሕበር ፈጠርዎ ዘሎ ዕድላት ንክኾና፡ ኣብ ሸሞንተ ምምሕዳራት ከባቢ ኣብ ምሕያል ውዳበታት ዘተኩረ ኀሰንሳትን ርክባትን ኣካዪዱ።



ሓላፊት ናይ'ቲ ቤት-ጽሕፈት ወ/ሮ ከድጃ ኣብራሂም፡ ካብ 25 ክሳብ 27 ነሓሰ ኣብ ኩለን ምምሕዳራት ከባቢ ኣብ ዝገበረቶ ርክባት፡ ቁጽሪ ኣባላት ቡበዓመቱ እናወሰኸ ይመጽእ ከምዘሎ ብምሕባር፡ ብፍላይ ኣብ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ ዝርከባ ተመሃሮ ንምውዳብ ዝተገበረ ንጥፈታት ኣተባባዒ ውጽኢት ከምእተረኽቦ ኣብሪሃ።

ተሳተፍቲ ብወገነን፡ ናብ ዓድታትን ምምሕዳራት ከባቢን ወሪድካ ዝካየድ ኣስተምህሮታት ክድፋኣሉ፣ ከምኡ'ውን መደባት ስልጠና ቡበደረጅኡን ብሰፋሓትን ክቕጽል ዝብልን ካልእን ርእይቶታት ኣቕሪበን።

ሓላፊ ምምሕዳርን ፋይናንስን ንኡስ ዞባ ሓልሓል ኣቶ ዑመር ዑስማን ድማ፡ ውዳብ ሓይሊ ስለዝኾኑ፡ ሃማደኤ ዘካይዶ ጻዕረታት ንምዕዋት፡ ብወገን ምምሕዳር ዘድሊ ደገፍ ከምዝገብር ኣረጋጊጹ።

# ኣስመራ - ብሉጽ ውጽኢት ዘመዝገቡ ተመሃሮ ተሸሊሞም

ኣብ ሃገራዊ መርመራታት ብሉጽ ውጽኢት ንዘመዝገቡ ሃብርም ተመሃሮ ዝግበር ምትብባዕ፡ ናይ ተወዳዳርነት መንፈስ ኩብ ብምባል ንዝበለጸ ውጽኢት ድርኺት ከምዝፈጥር ተገሊጹ።

እዚ ዝተገልጸ፡ ኣብ ኣስመራ ዝርከባ ናይ ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ-ትምህርቲ እምባህራ፡ ሓላይን ባርካን ካብ 27 ክሳብ 30 ነሓሰ ኣብ ዝወደብኦ ስነ-ስርዓት፡ ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ 2025/2026 ካብ 3 ክሳብ 4 ምሉእ ነጥቢ ንዘምጽኡ 157 ኣባላት መበል 38 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ተመሃሮኦን ኣብ ዘተባብዓሉ ኢጋጣሚ'ዩ።

በዚ መሰረት፡ ቤት-ትምህርቲ እምባዛራ 46፣ ቤት-ትምህርቲ ሓላይ ድማ 32 ተመሃሮ ኩተባብዓ ከለዋ፡ ቤት-ትምህርቲ ባርካ 49 ምሉእ 4 ነጥቢ ንዘምጽኡን ልዕሊ 3.6 ነጥቢ ንዘመዝገቡን 79 ተመሃሮ ሸሊማ።

ርእሳነ-መምህራን ናይ'ዘን ኣብያተ-ትምህርቲ ኣብ ዘስመዕዎ ቃል፡ እቲ ዕላማ ንተሸለምቲ ብምትብባዕ፡ ኣብ መኣዲ ትምህርቲ ንዝርከቡ ቅዱስ ቅንኢ ምሕዳር ምዃኑ ገሊጾም።

ብቐዓት ትምህርቲ ብውህደትን ጻዕርን መምህራን፡ ተመሃሮን ወለድን ከምዝረጋገጽ ብምሕባር፡ እናበረኸ ዝመጽእ ዘሎ ውጽኢት ሃገራዊ መርመራታት መርኣያ ከምዝኾነ ብምግላጽ፡ ተሸለምቲ ንዝበለጸ ዓወት ክሰርሑ ተላብዮም።



ስእሊ. የውሃንስ መብርሃቱ

ኮሚተ ወለዲ ብግዲኦም፡ ከም'ዚ ዝበለ መደባት ልዑል ኣበርክቶ ስለዘለዎ ብሰፊሑ ክድፋኣሉ ብምዝኽኻር፡ ንኽሊጅ ዝጸንበሩ ዘለዉ ተመሃሮ ንዝዓለዩ ዕማም ይብገሱ ምህላዎም ተገንዚቦም፡ ምሉእ ኣተኩሮኦም ኣብ ዕላማኦም ክገብሩ ተማሕጺኖም።

ሓለፍቲ ኣገልግሎት ትምህርቲ ኣብ ንኡሳን ዞባታት ድማ፡ ንተሸለምቲ ከምኡ'ውን ንመምህራንን ወለድን የቐናየ ድሕሪ ምባል፡ ኣብ ዝቕጽል ጉዕዞ'ውን ምኽትታል ወለዲ ክሕይል፣ ተመሃሮ ድማ መደባቶም ኣነጺሮም ክቕጽሉ ተላብዮም።

ሰለስተአን ኣብያተ-ትምህርቲ ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ 2025/2026 ኣብ ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና (ማትሪክ) ካብ ዘሳተፍኦም 1,392 ተመሃሮ፡ 421 ናይ ዲግሪ፣ 294 ከኣ ናይ ዲፕሎማ ዝረኸቡ ክኾኑ ከለዉ፡ 66 ካብኣቶም ምሉእ 4 ነጥቢ ዘመዝገቡ'የም።




ሱሌማን ኣሕመድ

# ጸቕጢን ኮለስትሮልን ዘለዎም ምትእስሳር

ጸቕጥን ኮለስትሮልን ምትእስሳር ኣለዎ ዶ፧ ዝብል ሕቶ ክኢላታት ሕክምና ‘እወ’ ዝብል ሓጺር መልሲ እዮም ዝህቡኻ። ዚ ንምንጻርውን ሓያሎ ሕክምናዊ መጽናዕትታት ተኻዪዶም እዮም። ንዊሕ እዋን ስምዒታት ጸቕጢ ምርኣይ ንተኽእሎታት ልዑል መጠን ኮለስትሮል የዕብዮ እዩ። ብኡ ኣቢሉ ድማ ብሕማም ልቢ ክንጥቃዕ ይገብር።

ልዑል መጠን ኮለስትሮል፡ ብሕማማት ልብን ወቕዕን ክትጥቃዕ ዝለካ ተኽእሎ የዛይዶ። ጸቕጢ እውን ከምኡ - ብመጥቃዕቲ ልብን ወቕዕን ክምእትጥቃዕ ይገብር እዩ። ካብዚ ተበጊሶም ክኢላታት ሕክምና ኣብ መንጎ ኮለስትሮልን ወጥርን ምትእስሳር ከም ዘሎ ንምምልካት ሓያሎ መጽናዕትታት ኣካይዶም እዮም።

ኣብ ሓያሎ ሕክምናዊ መጽናዕትታት ሰፊሩ ከምዝለ፡ ጸቕጢ ኣብ ልዕሊ መላእ ጥዕና ኣካላትና ኣሉታዊ ጽልዋ እዩ ዘለዎ። ንተኽእሎታት ወቕዒ የዕቢ፣ ኣብ ስርዓት ምሕቃቕ መግቢ ጸገም ይፈጥር፣ ቃንዛ ርእሲ የጋድድ፣ ብሓፈሻኡ ኣብ ስርዓት-መትንን ልብን ከቢድ ጉድኣት የውርድ። ተደጋጋሚ እናዛየደ ዝኸይድ መጠን ጸቕጢ፡ ልዑል መጠን ኮለስትሮል ክህልወካ ዝለሎ ተኽእሎ የዕቢ።

## ኮለስትሮል እንታይ እዩ፧

ኮለስትሮል ኣብ እንወስዶም ዓይነት መግብታት ዝርከብ ስብሓዊ ወህደት እዩ። ሰብነትና’ውን ባዕሉ ኮለስትሮል የፍሪ እዩ። ዝበዝሕ ግዜ ሰብነትና ዘድልዮ ዓቕን ኮለስትሮል ጸላም ከብዲ ኢያ ተፍርዮ። እንወስዶም ከም ስጋ ደርሆ ወይ ስጋ ኩቡት ከምኡ’ውን እንቋቝሖን ጸብን ትሕዝቶ ኮለስትሮል ኣለዎም።

## ኮለስትሮል ኣብ ጥዕናና ዘለዎ ጥቕሚ

ኮለስትሮል ኣብ ጥዕናና ዝተፈላለየ ጥቕሚ እዩ ዘለዎ። ገለ ካብኡ፦

- ንህዋሳትና ደሰርዕን ይሽፍንን። እዚ ድማ ኑቶም ዋህዮታት ብምክልኻል፡ ቅርጾም ብምቅይያር ዝተፈላለየ ንጥረ ነገራት ከእትዉ፡ ከምኡ’ውን መጠን መቕየም ክዕቅቡ ይሕግዞም። ኣብ ውሽጢ ሰብነት ዝርከብ ረቂቕ ቁርበት ዝመስል መሸፈኒ (membrane) ብኮለስትሮል እዩ ዝስራሕ። ካብ መጉዳእቲ ንምክልኻልን ካብ ረኽሲ ንምሕዋይን ልዑል ጥቕሚ ኣለዎ።





- ንሰብነትና ኣዝዮም ኣገደስቲ ዝኾኑ ሆርሞናት ንምፍራይ ይጠቅም። ንኣብነት ‘ኮርቲሶል’ (cortisol)፡ ‘ቴስቶስትሮን’ (tes- tosterone)፡ ‘ፕሮጀስትሮን’ (pro- gester- one) ከምኡ’ውን ‘ኢስትሮጅን’ (estro- gen) ዝተባህሉ ሆርሞናት ንምድላው የገልግል።
- ጸላም ከብዲ ሓሞት ክተፍሪ ይሕግዝ። ሓሞት ቅብኣት ዘለዎም መግብታት ንምሕቃቕ ዘገልግል ፈሳሲ እዩ።
- ነርቭታት ሰብነትና ብምሽፋን ግቡእ ንጥፈታቶም ከካይዱ የኽእል።
- ሰብነትና ቫይታሚን ‘ዲ’ ንምፍራይ ይጥቀመሉ። ጸሓይ ብርሃን ኣብ ቆርበትና ክዓልብ እንከሎ ናብ ቫይታሚን ‘ዲ’ ዝቕይሮ ኮለስትሮል እዩ።

## ኮለስትሮል ምዓስ እዩ ጉድኣት ዘውርድ፧

ኮለስትሮል ኣብ ጥዕናና ጉድኣት ከውርድ ዝኽእል፡ እቲ ኣብ ሰብነትና ዝህሉ መጠን ኮለስትሮል ካብቲ ንግልገሉ ንላዕሊ ዓቐኑ ምስ ዝዛይድ’ሞ ንዝተፈላለዩ ጥዕናዊ ጸገማት ከም ድኻም ልብን ወቕዕን ዝኣመሰሉ ናይ ምቕላዕ ተኽእሎኡ ምስ ዝዓቢ እዩ። ጠቐምትን ጉድኣትን ኮለስትሮል ኣብ ዓይነቶም እዩ ዝፈላለ።

ዝተፈላለዩ ዓይነታት ኮለስትሮል እዮም ዘለዉ።

- **‘ኤል.ዲ.ኤል.’ ኮለስትሮል (LDL)**፦ ኣብ ውሽጢ ደምም እዚ ዓይነት ኮለስትሮል ዘለዎም ሰባት፡ ንድኻም ልቢ፡ ወቕዕን ካልኦት ምስ ልብን ደምን ተኣሳሲሮም ዝመጽኡ ዓይነት ሕማማትን ዝተቓልዑ እዮም። ስለዚ እዚ ዓይነት ኮለስትሮል ‘ጉዱኢ ኮለስትሮል’ (Bad cholesterol) ተባሂሉ ይፍለጥ።
- **‘ኤች.ዲ.ኤል. ኮለስትሮል’ (HDL)**፦ ልዑል መጠን ‘ኤች.ዲ.ኤል. ኮለስትሮል’ ዘለዎም ሰባት በንጻሩ ናይ ልቢ ሕማምን ወቕዕን ክህልዎም ዘሎ ተኽእሎ ዝተሓተ እዩ። እዚ ዓይነት ኮለስትሮል ‘ጠቓሚ ኮለስትሮል’ (Good cholesterol) ይበሃል።
- **‘ኤች.ዲ.ኤል ዘይኮነ ኮለስትሮል’ (Non-HDL cholesterol)**፦ እዚ ካብ ጠቕላላ ኣብ




ሰብነትና ዝርከብ ኮለስትሮል ‘ ኤች.ዲ.ኤል ኮለስትሮል’ ድሕሪ ምጉዳልና ዝተርፍ ኮለስትሮል እዩ።
- **‘ትራይግሊሰራይድ’ (Triglyceride)**፦ እዚውን ዓይነት ኮለስትሮል ዓይነቶም ሓደ ዓይነት ዋላ ኣይኹኑ፡ ምስ ጉድኣቲ ኮለስትሮል ብምትኻን ስለ ዝሰርሑ ኣብ ጥዕናና ከቢድ ሃሰያ እዮም ዘውርዱ።

## ምትእስሳር ጸቕጢን ልዑል መጠን ኮለስትሮልን

ዝኾነ ሰብ ኣብ ዝኾነ ኢጋጣሚ ጸቕጢ ክስምዖ ንቡር እዩ። ጸቕጢ ኣብ ዘጋጥመና እዋን፡ ሰብነትና ‘ኣድሬናሊን’ (adrenaline) ዝተባህለ ሆርሞን ከፍንዎ ይጅምር። እዚ፡ ጸቕጢ ከጋጥመና እንከሎ ሰብነትና ንኽቃለሶ ድልውነቱ ንምርኣይ ዝፍንዎ ሆርሞን እዩ። እቲ ካልኣይ ሰብነትና ጸቕጢ ከጋጥሞ እንከሎ ዘፍንዎ ሆርሞን ‘ኮርቲሶል’ (corti- sol) ይበሃል። ‘ኮርቲሶል’ ኣገዳሲ ሆርሞን ኮይኑ፡ ንኹሉ ኣካላትን ቲሹታትን ሰብነትና እዩ ዝጸልዉ። ኣካላትና ዘጋጥሞ ናይ ጸቕጢ መጠን ንምህዳእ፡ ሰብነትና ንዘጥቀመሉ ስብሒ፡ ፕሮቲንን ካርቦሃይድረይትን ይቆጻጸር ወዘተ። ስለዚ፡ ጸቕጢ ኣብ ዘጋጥመና እዋን ልቢ ብቕልጡፍ ክትሃርም ትጅምር - እዚ ንመላእ ሰብነትና ዘቓቕሕ ምልክት’ዩ። እቲ ጸቕጢ ምስ ተኣልየ፡ እቶም ሆርሞናት ክሃድኡ ይጅምሩ፣ ሰብነትና ናብ ንቡር ኩነታቱ ይምለስ። እቲ ናይ ጸቕጢ ስምዒታት ብተደጋጋሚ ዝመጽእ እንተኾይኑ ግን፡ እቶም ሆርሞናት ብቐጻሊ ከፍንዎ ስለ ዝረኣዩ ከም ምቅጻልን ምውሳኽ ዓቐን ኮለስትሮል ኣብ ሰብነትናን ዝኣመሰሉ ኣካላዊ ለውጢ ክፍጠር ግድን ይኸውን።

ኣካላትና ‘ኣድሬናሊን’ ከምኡ’ውን ‘ኮርቲሶል’ ዝተባህሉ ሆርሞናት ከንዝዕ እንከሎ፡ ብኡ መጠን ኣካላትና ዘፍርዮ ኮለስትሮል ይውሰኽ እዩ። ብተወሳኺ፡ ክልቲኦም ሆርሞናት ኣብ ኣካላትና ዝህሉ መጠን ግሉኮዝ (glucose) ከም ዝዓቢ ይገብሩ እዮም። ምውሳኽ መጠን ግሉኮዝ ኣብ ኣካላትና፡ መጠን ናይ’ቶም ጠቐምትን ጉድኣትን ተባሂሎም ዝጽውዑ ዓይነታት ኮለስትሮል ዘይስሩዕ ከም ዝኸውን ይገብር። እዚ ጠንቂ ምውሳኽ ናይ ‘ትራይግሊሰራይድ’ (triglycerides) ተባሂሉ ዝፍለጥ ዓይነት ኮለስትሮል እዩ።

ኣብ መንጎ ጸቕጢ፡ ኣመጋግባን ልዑል መጠን ኮለስትሮልን ዘሎ ምትእስሳር

ደቂ ሰብ ብባህርያትና ጸቕጢ ኣብ ዝህልወና እዋን፡ ኣብ ኣመጋግባና ብዙሕ ኣይንገደስን ኢና። ኣብ ክንዲ ንጥዕናና ዘገድሰና መግቢ ንመርጽ፡ ዝተረኽበ ብዝበዝሐ ናይ ምምጋብ ልምዲ ኢና እነርኢ። ኣብ 2021 ዝተኻየደ መጽናዕቲ ከም ዘጸርዖ፡ ጸቕጢ ዘለዎም ሰባት ልዑል ኮለስትሮል ዘለዎም ዝተዓሸጉ መግብታት ብዝበዝሐ ክምገቡ ከም ዝተራእዩ የጽርዕ።

ተመስሪሖም ዝተዓሸጉ መግብታት ጠንቂ ምውሳኽ ‘ትራይግሊሰራይድ’ ዝተባህለ ኮለስትሮል እዮም። ተመስሪሖም ዝተዓሸጉ መግብታት ጠንቂ ምውሳኽ ክብደት ሰብነት፡ ሕማም ሽኮር፡ ሕማም ልብን ካልእ ጥዕናዊ ጸገማትን ኮይኖም’ውን ይጥቀሱ እዮም።

## መጠን ኮለስትሮል ምፍላጥ ኣገዳስነቱ

ኮለስትሮል ምስ ደም ተሓዊሱ ኣብ መላእ ሰብነትና እዩ ዝዘውር። መጠን ኮለስትሮል ኣብ ደም እናወሰኸ ምስ ዝኸይድ፡ ኣብ ጥዕና ዘውርዶ ሓደጋ እውን ብኡ መጠን ኣቢዩም ንልብን ሓንጎልን ዝምግቡ ሰራውር ደም ተለጢፉ ይድረዕ’ሞ፡ ኑቶም ሻምብቆታት ደም ተረርቲን ጸብብትን ከም ዝኾኑ ይገብሮም። ከም ሳዕቤኑ ኹኣ ደም ካብን ናብን ልቢ ብግቡእ ኣይመላለሰን። ልቢ ድማ ነቲ ደም ክትጭምንገዕ ትጭነቕ።

## ጠንቂ ልዑል መጠን ኮለስትሮል እንታይ እዩ፧

ንልዑል መጠን ኮለስትሮል ዘቃልዑ ዝተፈላለዩ ምኽንያታት ኣለዉ። ገለ ካብኣቶም ንምጥቃስ፦ ዕድመ፡ ስድራዊ ወይ ጀነቲካዊ ሕማም ሽኮርን ካብቶም ጠንቂታት’ዮም።

መብዛሕትኡ ግዜ ጠንቂ ልዑል መጠን ኮለስትሮል ኮይኑ ብቐዳምነት ዝጥቀስ፡ ጥዕና ዘይብሉ ዘይስሩዕ ኣነባብራ ምኻታል እዩ። ብስብሒ ዝቐብጡ መግብታት ከም ጠስሚ፡ ዘይቲ ሰየን ከናትን፡ ፎርማጆን ስጋ ከብትን ዝኣመሰሉ መግብታት ጠንቂ ልዑል ኮለስትሮል እዮም።

ወጽኢት ጾዒ ቸኮሌት፡ ዝተጠብሱ መግብታት ከምኡ’ውን ተመስሪሖም ዝተዓሸጉ መግብታት ልዑል ኮለስትሮል እዩ ዘለዎም። ብዘይካዚ፡ ሽጋራ ምትካኽ፡ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ዘይምዘውታርን ብዙሕ ሰዓታት ኮፍ ምባልን ንባዕሉ ጠንቂ ምውሳኽ ኮለስትሮል ኣብ ኣካላትና እዮም።

## ምልክታት ልዑል መጠን ኮለስትሮል


ምህላው ልዑል መጠን ኮለስትሮል ኣብ ሰብነትና፡ ዝኾነ ይኹን ምልክት የብሉን። እቲ ክፍለጠሉ ዝኽእል እኳ ኣጉዚብ መርመራ ደም ብምግባር ጥራሕ እዩ። ኣብ ሓደ ደሲ. ሊተር ክንደይ ዝኣክል ሚሊ. ግራም ኮለስትሮል ከም ዘሎ ብመርመራ ክፍለጥ ይከኣል እዩ።

ኣብ ዓበይቲ ሰባት ትሕቲ 200 ሚሊ. ግራም ኣብ ደሲ. ሊትር ከም ንቡር መጠን ደርጃ። ካብ 200 ክሳብ 239 ሚሊ. ግራም ኣብ ደሲ. ሊትር ኣብ ተጠንቀቕ፡ 240ን ልዕሊኡን ሚሊ. ግራም ኣብ ደሲ. ሊትር ግን ከም ልዑል መጠን ኮለስትሮል ይውሰድ።

## ንልዑል ኮለስትሮል ተኣፈፍቲ መን እዮም፧

- ጥዕናዊ ጸገማት ልቢ ወይ ጸቕጢ ዘለዎ ስድራቤት፡
- ከበደት፡
- ግዳያት ሕማም ሽኮር፡
- ኣትከኽቲ ሽጋራ።

ኩነታት ኣነባብራናውን ኣብ ምውሳኽ



እናወሰኸ’ዩ ዝኸይድ።

ኣብ ደምና ልዑል መጠን ጉዱኢ ኮለስትሮል ምስ ዝህሉ፡ ብሕማም ልብን ወቕዕን ምዝዛዕ ስርዓተ-ዑደት ደምን ናይ ምጥቃዕ ተኽእሎ ክብ ከብሎ ይረአ እዩ።

ኣብ ደም ዝርከብ ልዕሊ ዓቐን ‘ኤል.ዲ.ኤል.’ ኮለስትሮል ኣብ ሻምብቆታት ደም፡ ብፍላይ መጠን ኮለስትሮል ኣካላትና ናይ ጉዱእ ርእሱ ግደ ኣለዎ። ስለዚ፡ ኣብ ሰብነትና ዘሎ መጠን ኮለስትሮል ንምቁጽጻር እቲ ቀንዲ ኣገባብ ጥዕና ዘለዎ ናይ ኣነባብራ ለውጢ ምግባር እዩ። ምቁጽጻር ክብደት ሰብነትን ስሩዕ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ምክያድን መጠን ኮለስትሮል ንምንካይ ኣዝዩ ሓጋዚ እዩ።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ
ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር
ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.113395-07588045
ምልክታ
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

# ትንታነ ዜና

ሚርያም ኣብርሃም

## ኢቦላ፡ ስለምታይ'ዩ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ክኣቱ ዘይከኣለ ዘሎ፧

ኣብዚ እዋን ኣብ ደ.ሪ.ኮንጎ ዝቖጽል ዘሎ ተላባዒ ሕማም ኢቦላ፡ ኣብ ቁጽጽር ወጺኡ እዩ ኮይኑ ዘሎ። ከም ዝፍለጥ፡ ሕጂ ንመበል 17 ግዜኡ በዚ ተላባዒ ሕማም ዝተለኽፈት ደ.ሪ.ኮንጎ፡ ኣብዚ ግዜ'ዚ፡ ኣብ ከቢድ ቅልውላው እያ ትርከብ ዘላ። ሓንቲ ካብ'ተን ሰብዒ ሕማም ኢቦላ ብተደጋጋሚ ዝኽሰተለን ሃገራት ኣፍሪቃ ዝኾነት ደ.ሪ.ኮንጎ፡ ሕጂ'ውን እንተኾነ፡ እቲ ብ'ቡንዲብዮ' ዝፍለጥ ዓይነት ኢቦላ፡ ከቢድ ማሕበረ-ቁጠባዊ ቅልውላው እዩ ኣስዒቡላ ዝርከብ ዘሎ። 'ቡንዲብዮ'፡ ኣብ ኡጋንዳ እትርከብ ዞባ ኮይና፡ እዚ ሕጂ ኣብ ደ.ሪ.ኮንጎ ተኸሲቱ ዘሎ ዓይነት ኢቦላ፡ ፈለማ ኣብ 2007 ኣብታ ዞባ ብምኽሳቱ እዩ ሕጂ ብስም እታ ዞባ ዝጽዋዕ ዘሎ።

ሳሕቲ ዘጋጥም ለብዒ ኢቦላ፡ ሓደ ካብ'ቶም ብቫይረስ ዝመሓላለፉ ሕማማት እዩ። መብዛሕትኡ እዋን ከኣ ንእንስሳታት እዩ ዘጥቅዕ፡ ብፍላይ ድማ ነተን ብ'መንካዕ ፍሩታ' ዝፍለጣ ዓሌታት መንካዕ ብተደጋጋሚ'ዩ ዘጥቅዐን። ሰባት ነዘን ዝተገልጻ እንስሳ ዘገዳም ሃዲኖም ምስ ዝምገቡወን ወይ'ውን ምስ ዝትንከፉወን ድማ፡ እቲ ቫይረስ ብቐሊሉ ይመሓላለፍ ማለት እዩ። ምልክታት ሕማም ኢቦላ፡ ካብታ ዝተለኽፍካላ መዓልቲ ኣብ ውሽጢ 21 ዝረኣ ኮይኑ፡ ናይ መጀመርታ መለለዪኡ ሰዓል፡ ብርቱዕ ረስኒ፡ ሕማም ርእሲን ምሕር ድኻምን ምዃኑ እዮም ሓኪይም ዝገልጹ። እቲ ሕማም እናገደደ ኣብ ዝመጻሉ እዋን ድማ፡ ንገለ ውሽጣዊ ናውቲ ኣካላትና ክሃሲ ን፡ ተምሳሰን ውጹኣትን ከኣ ኣብ ተመሳሳሊ እዋን ክሰዕበን ይኽእል። ሳሕቲ'ውን፡ ከም ደጋውን ውሽጣውን መድመይቲ ዝኣመሰሉ ምልክታት ከም ዘርኢ እዮም እቶም ሓካይም ብተወሳኺ ዝገልጹ።

ለብዒ ቫይረስ 'ቡንዲብዮ'፡ ድሕሪ ዓሰርተ ዓመት ንፈለማ እዋን እዩ ኣብ ደ.ሪ.ኮንጎ ተኸሲቱ ዘሎ። እዚ ሳሕቲ ዘጋጥም ዓይነት ኢቦላ፡ ኣብ 2007፡ ከምኡ'ውን ኣብ 2012 ጥራሕ እዩ ኣብ ኡጋንዳ ተራእዩ። በዚ ምኽንያት'ዩ ከኣ ዛጊት ዝኾነ ክታብት ከይተረኽበሉ ጸኒሑ። እዚ ሕጂ ኣብ ደ.ሪ.ኮንጎ ተኸሲቱ ዘሎ ግን፡ ዘይከም'ቶም ኣብ ዝሓለፈ እዋናት ዝተኸሰቱ፡ ብቐልጣፊ ተላባዕነቱ ኣብ ቀዳማይ ደረጃ እዩ ተሰሪዑ ዝርከብ ዘሎ። ብመሰረት ዝተኻየዱ መጽናዕትታት፡ 48 ሚእታዊት ካብ'ቶም ኣብ ደ.ሪ.ኮንጎ ብቫይረስ ቡንዲብዮ ዝተለኽፉ ሰባት ሞይቶም እዮም። እዚ ከኣ፡ እቲ ቫይረስ ማዕረ ክንደይ ሓደገኛ ምዃኑ ዘርኢ እዩ።

ኣብ ዝሓለፈ ሓምለ፡ ትካል ምቁጽጻር መድሃኒት ብሪጣንያ፡ ናይ መጀመርታ ክታብት ጸረ ቫይረስ ቡንዲቡግዮ ንፈተነ ክወሃብ ኣፍቂዱ ነይሩ እዩ። እዚ ካብ 18 ክሳብ 55 ኣብ ዝዕድመኦም 50 ወለንተኛታት ዝተገብረ ፈተነ፡ ውጽኢቱ እንታይ ከም ዝመሰል ዛጊት ኣይተፈልጠን ዘሎ። ምኽንያቱ፡ እቲ ክታብት ኣብ'ቶም ዝወሰዱዎ ሰባት ከኸትሎ ዝኽእል ጉድናዊ ሳዕቤናት፡ ድሕሪ ንውሕ ዝበለ እዋን እዩ ዝረአ። ይኹን'ምበር፡ ገለ ክኢላታት ናይቲ ዓውዲ፡ እቲ ፈተነ ተሰሩ ዘለዎ ውጽኢት ክርከቦ ከም ዝኽእል እዮም ግምታቶም ዝህቡ ዘለዉ።

ኣቐዲሞም ኣብ ዝተፈላለየ እዋናት ዝኽሰቱ ዝነበሩ ዓይነታት ኢቦላ፡ መብዛሕትኦም መከላኸሊ ክታብት ኣለዎም። በዚ እያ ከኣ ደ.ሪ.ኮንጎ፡ ክሳብ ብፍሉይ ንቫይረስ ቡንዲግብዮ ተባሂሉ ክታብት ዝስራሕ፡ ነቲ ብ'ዛየረ' ዝፍለጥ ዓይነት ቫይረስ ኢቦላ ተባሂሉ ዝተማህዘ ክታብት፡ ቫይረስ ቡንዲግብዮ ንምክልኻል ክትፍትኖ ትሓስብ ዘላ። ካብዚ ተበጊሳ ከኣ፡ ውድብ ጥዕና ዓለም ናብታ ሃገር ክኣቱ ካብ ዘፍቀዶ 70 ሽሕ 'ኤርቮር' ዝተሰመየ ክታብት ናይ ቫይረስ ዛየር፡ ድሮ 50 ሽሕ ተቐቢላ ትርከብ ኣላ። እቲ ክታብት፡ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ኣድማዕነቱ ኣብ ባይታ ክረአ ድማ ትጽቢት ይግበር። ብዘተረፈ ግን፡ ሓያሎ ክኢላታት ጥዕና፡ ዜጋታት ዝጉብርዎ ጥንቃቐን ቅድመ ምክልኻልን፡ እቲ ዝዓበየ ነቲ ሕማም ከወግዶ ዝኽእል ሜላ ምዃኑ እዮም ዝመኽሩ። ብመሰረት ምኽሪ ናይዞም ክኢላታት፡ ኢድካ ብማይን ሳሙናን ኣጥዒኻ ምሕጻብ፡ ቡቲ ሕማም ንዘተለኽፈ ሰብ ቀልጢፍካ ምውሻብ፡ መከላኸሊ ክዳውንትን ጫማን ምውዳይ፡ ዝኾነ ሕሙም ዝተጠቐመሎም መራፍእን ስሪንጋታትን ብውሑስ ኣገባብ ምጉሓፍ፡ ሬሳ ናይ'ቶም በዚ ቫይረስ ተለኺፎም ዝሞቱ ሰባት ድማ ብግቡእ ምቕባር፡ ካብ'ቶም ቀንዲ ንምክልኻሉ ክትግበሩ ዘለዎም ሜላታት እዮም።

መንግስቲ ደ.ሪ.ኮንጎ፡ ኣብ ልዕሊ እቲ ቡቶም ክኢላታት ዝተዋህበ ናይ ቅድመ-ምክልኻል ሜላታት፡ ኣብ ሽዱሽተ እቲ ሕማም ተኸሲቱለን ዘሎ ዞባታት፡ ናይ ህዝቢ ምትእኽኻብ ከይግበር ከልኪሉ ይርከብ። ልዕሊ 18.6 ሚልዮን ነበርቲ ዘለዋ ርእሰ ከተማ ኪንሻሳ እውን፡ ሓንቲ ካብ'ተን ዓበይቲ ውራያትን ካልኦት ህዝቢ ብብዝሒ ዝእከበሉም ኣጋጣሚታትን ከልኪለን ዘለዋ ከተማታት እያ። ውድብ ጥዕና ዓለም፡ ነቲ ኣብ ደ.ሪ.ኮንጎ ተኸሲቱ ዘሎ ለብዒ ኢቦላ ደው ንምባል፡ ኣስታት 3.9 ሚልዮን ዶላር ክስልዕ እንከሎ፡ ማእከል ምቁጽጻር ተላባዕቲ ሕማማት ኣመሪካ (ሲ.ዲ.ሲ) ድማ፡ ኣብ ምክልኻል ናይቲ ለብዒ ዝውዕል ኣስታት 319 ሚልዮን ዶላር ሰሊዑ ኣሎ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብታ ጎረቤት ደ.ሪ.ኮንጎ ዝኾነት ኡጋንዳ እውን እቲ ለብዒ ተራእዩ ነይሩ እዩ። ለብዒ ኢቦላ፡ ኣብ ዝሓለፈ ሚያዝያ ንመጀመርታ እዋን ኣብ ደ.ሪ.ኮንጎ ድሕሪ ምኽሰቱ፡ ኣብ ኡጋንዳ 20 ሰባት ቡቲ ሕማም ተለኺፎም ነይሮም። ካልኦት ክልተ ድማ ቡቲ ሕማም ድሕሪ ምልካፎም ከም ዝሞቱ ይንገር። ኣብቲ ሽዑ እዋን፡ ዳርጋ መብዛሕትኦም ግዳያት፡ ናብ ደ.ሪ.ኮንጎ ገይሾም ዝነበሩ ምዃኖም እዩ ተሓቢሩ ነይሩ። በዚ ከኣ፡ ኡጋንዳ ናብ ደ.ሪ.ኮንጎ ተኻይዶ ዝነበረት በረራ ነፈርቲ ከተቋርጾ እንከላ፡ ነቲ ብመሬት ምስታ ሃገር ዘራኽባ ጽርግያታት'ውን ንግዚኡ ከም ዝዓጸወቶ ኣፍሊጣ ነይራ። ክሳብ'ዚ እዋን'ዚ፡ እቲ ሕማም ኣብ ኡጋንዳ ንተኸታተልቲ 42 መዓልታት ክርአ ብዘይ ምኽኣሉ ከኣ፡ ውድብ ጥዕና ዓለም፡ እታ ሃገር ካብ ኢቦላ ናጻ ምዃና ብወግዒ ኣዊጁ ኣሎ።

ሩዋንዳ እውን፡ ነቲ ምስ ደ.ሪ.ኮንጎ ዘራኽብ ዶባት ዓጽያቶ እያ ትርከብ ዘላ። ብተወሳኺ፡ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ዜጋታታ ናብ ደ.ሪ.ኮንጎ ከይጉዓዙ ክትከልክል እንከላ፡ እቶም ካብ ደ.ሪ.ኮንጎ ዝምለሱዋ ዜጋታታ ድማ፡ ቅድሚ ናብ መሬታ ምእታዎም፡ ኣብ ካልእ ሳልሰይቲ ሃገር 21 መዓልታት ክጸንሑ ኣዚዛ ኣላ። ካናዳ እውን፡ ብሰንኪ'ዚ ለብዒ እዚ፡ ካብ ደ.ሪ.ኮንጎ፡ ኡጋንዳን፡ ደቡብ-ሱዳንን ገያሾ ከይኣትዉዋ ክሳብ 28 መስከረም ከልኪላ እያ ትርከብ ዘላ።

ቫይረስ ቡንዲብዮ፡ ደ.ሪ.ኮንጎ ኣብ ከቢድ ጸጥታዊ ቅልውላው ተሸሚማ እንከላ ምኽሰቱ፡ ንምቁጽጻሩ ኣዝዩ ኣሸጋሪ ገይሩዎ ይርከብ። ምኽንያቱ፡ ብሰንኪ'ቲ ኣብ መንጎ መንግስትን ዕጡቕ ተቓዋሚ ጉጅለ ኤም-23ን ዝካየድ ዘሎ ኲናት ገና ብዙሓት ሰባት ካብ መረበቶም ክመዛበሉን፡ ነቲ ሕማም መሊሶም ከላብዕዎን እዮም ዝረኣዩ ዘለዉ። ንሰፋሕቲ ከባቢታት ደ.ሪ.ኮንጎ ተቖጻጺሩ ዝርከብ ዕጡቕ ጉጅለ ኤም-23፡ ኣብ ዝሓለፈ ሰኑ እቲ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽሩ ዝርከብ ከባቢታት ካብ ሕማም ኢቦላ ናጻ ምዃኑ ኣዊጁ ነይሩ። ኣብዚ ቀረባ እዋን፡ ኣብ ሰሜናዊ ክፋል ዞባ ኪቩ ክልተ ሰባት ቡቲ ሕማም ድሕሪ ምልካፎም ግን፡ እቲ ዕጡቕ ጉጅለ ኣብቲ ዞባ ዝተፈላለየ መምርሒታት ከውጽእ ተገዲዱ ኣሎ። ሰፋሕቲ ከባቢታት ኩቩ፡ ካብ ዝሓለፈ ዓመት ኣትሒዞም ኣብ ትሕቲ ኤም-23 እዮም ዝርከቡ።

ኢቦላ፡ ኣብ ደ.ሪ.ኮንጎ ቅድሚ ገለ ኣዋርሕ ዳግማይ ድሕሪ ምቕልቃሉ፡ ብዓለም ደረጃ ዓቢ ስግኣት እዩ ፈጢሩ ዘሎ። ምኽንያቱ፡ እቲ ለቡዳ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ብቐልጢፍ እናተመሓላለፈ፡ ኣብ ሓጺር እዋን ኣሽሓት ሰባት ክቐትል ይኽእል እዩ። በዚ እዩ ከኣ ውድብ ጥዕና ዓለም፡ ነቲ ሕማም ኣመልኪቱ ብዙሕ ምኽርታት ዝሁበን ንምክልኻሉ ዝሕግዙ ኣገባባት ዝሕብርን ዘሎ።

ኣብ ዝሓለፈ 50 ዓመታት ጥራሕ፡ ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ኣፍሪቃ ልዕሊ 15 ሽሕ ሰባት ቡቲ ሕማም ተለኺፎም ሞይቶም ኣለዉ። ኣብ ደ.ሪ.ኮንጎ ድማ፡ ዛጊት ልዕሊ 5,500 ሰባት በዚ ሕማም ክልከፉ እንከለዉ፡ ካልኦት ልዕሊ 2,900 ከኣ ተለኺፎም ሂወቶም ስኢኖም ይርከቡ። ብዘይካ'ዚ፡ ካልኦት 1,300 ብዘተገበረሎም ጽዑቕ ሕክምናዊ ክንክን ካብቲ ሕማም ክሓውዩ ክኢሎም ኣለዉ - ብመሰረት ጸብጻባት ሚኒስተሪ ጥዕና ናይ'ታ ሃገር። ብተወሳኺ፡ ካብ 2018 ክሳብ 2020፡ ኣስታት 2,300 ሰባት ቡቲ ሕማም ሞይቶም ኣለዉ። ብሓፈሻ፡ ካብ 2014 ክሳብ 2016 ኣብ ዝነበረ እዋን፡ ኣብ ምዕራብ ኣፍሪቃ ጥራሕ ልዕሊ 28,600 ዜጋታት ብሕማም ኢቦላ ተለኺፎም ሞይቶም እዮም።





# ማህደር ጀጋኑ

ሸሞንዲ ዑቕባሚካኤል

## መልእኽቲ ምስጋና ናብ ከዋብ! (ዕቃበ ብረት)

2ይን መወዳእታን ክፋል

*ኣብ ዝሓለፈ ቀዳማይ ክፋል ናይዚ ኣርእስቲ'ዚ፡ ኣብቲ ብሓሳ 1980 ጀሚሩ ንሓደ ዓመት ዝተኻየደ ንተሓኤ ደብዘክሪ ውግእ ሕድሕድ፡ ዝጸዐየ ግምጃ ኣጽዋር ናይቲ ውድብ ኣብ ከዋብ ዝተባህለት፡ ካብ ዶብ ሱዳን ሓደ ኪሎሜተር ናብ መሬት ኤርትራ ኣትያ ትርከብ መዓስከር ከም ዝተረኽበ፡ ጸላኢ ኑቲ መኽዘን ብሓርቲ ንኽየቃጽሎ ብህጹጽ ክእለ ከም ዝተወሰነን ርኢና ኣርና። መቐጸልታ ናቱ እንሆ፡*

ኣባል ማእከላይ ሽማግለ ዝርከቦም ሓለፍቲ ዕቃበ ብረት ህዝባዊ ግንባር፡ ናይ ጽዑት መካይን ጠለቦም እቲ ኣጽዋር ንኽልዓል መምርሒ ምስ ሃቡ፡ ቀጥታ ስራሕ ተጀመረ። እቲ ናይ ምጽዓን ስራሕ ብኣባላት ዕቃበ ብረት ጥራይ'ዩ ዝተጀመረ። ወላ'ኳ ኑቲ ዝተረኽበ ንብረት ዝምጥን ዓቕሚ ሰብ ኣይንበርምʼምበር፡ ዝርከቦም እቶም ኣባላት፡ ኣገባበን ናይ ስራሕ ተመኩሮ ዝበርዎን እዮም። በቲ ዝተረኽበ ግምጃ ኣጽዋር ልዑል ሓጎስ ተሰሚዑዎም ስለ ዝበረ፡ ኑቲ ስራሕ ከም ማይ ክሰትዩዎ ጀመሩ። ነተን ኤኮትረ ዝዓይነተን ናይ ጽዑት መካይን ከየጸበዩ፡ ኣብ ሓጺር ግዜ ጸጺዒናም ናብ ኦልእየፍ ኣፋነውወን።

ኦልእየፍ፡ ካብ ከዋብ ንሸነኽ ሩባ ባርካ ካብ ሀሚብ ንታሕቲ ሳኮይብ ኣብ ዝበሃል ወሰን ሩባ እያ ትርከብ። ኣብቲ ግዜ'ቲ እዛ ቦታ'ዚኣ ማእከል መዋፈሪት ናይቲ ግንባር ኮይና ነበረት። ከሎ ኣብቲ ግንባር ዝተሰልበ ኣጽዋር ጀብሃ ናብኡ'ዩ ዝጥርነፉ ነይሩ። ብዝይካ ተማሰገን ጉብረሶላሴ ሓለፍቲ ጨናፍር ዕቃበ ብረት፡ ብዓል ግርማይ ዑቕባይ (በይሩት)፡ ዑቕባዝጊ ፍሰሃ፡ ሳልሕ ዐሰማን፡ ረዘነ ተላ ... ማእከላይ ቦታኦም ኣብኡ ገይሮም ኑቲ ስራሕ የወሃህዱ ነበሩ። ኦልእየፍ፡ ኣጽዋር ዝጥርነፈሉ፡ ጥዕና ናይቲ ኣጽዋር ተፍትሸ ተገይሩሉ ጥዑይን ጸገም ዘለዎምን ተፈላልዮን ተቐጺሩን እንደገና ኣብ መካይን ጸዒንካ ናብ ገበይ ጸዕዳ ዝጓረተሉን ቦታ ስለ ዝነበረ፡ ዝያዳ ጉልበት ይሓትት ነይሩ። ምኽንያቱ፡ ናብ ገበይ ጸሕዳ ሓለፎም ዘራግፉ ሰባት'ውን የድሊ ስለ ዝነበረ። በዚ መሰረት፡ ብዝይካ'ቶም ኣብቲ ቦታ ዝነበሩ 40 ዝኾኑ ኣባላት ኤምዳድ፡ ልዕሊ 200 ተመሃሮ ቤት ትምህርቲ ሰውራ፣ ብዓል ወዲ ጉብረጊዮርጊስ ወዲ እምባዬን ዝምእከሉዎ ካብ ክፍሊ ታዕሊም ዝመጽኡት ድልድልቲ ጋንታ፣ ከምኡ'ውን ቦጦሎኒ 27 ትብሃል ኣሃዱ ንጉልበታዊ ሓገዝ ናብቲ ቦታ መጺኦም ተደረቡ።

ናይቲ ግንባር ጠርናፊ ዕቃበ ብረት፡ ግርማይ ዑቕባይ (በይሩት) ነበረ። ንሱ፡ ኣብ 1979 ንዕቃበ ብረት ህዝባዊ ግንባር ወኪሉ ንስራሕ ዕድጊ ብረትን ካልእን ንበይሩት ተላኢኹ ነበረ። ሽዑ ካብ በይሩት መጺኡ ናብ ባርካ ምስ ወፈረ፡ እተን ተ.ሓ.ኤ. ኣብ በይሩት ምስኡ (ምስ ህዝባዊ ግንባር) ዝተመቐለወን ኣጽዋር ከይተረፋ ኣብ መንጎ'ቲ ዝተመንዘዐ ኣጽዋር፡ ኣብ ኦልእየፍ ክጽብጸባ ምስ ረኸበ፡ "እምቧእ! በይሩት ድኣ ኣብዚ እንድያ ተረኺባ" እናበለ ታሕጓሱ ገሊጹ። ግርማይ ዑቕባይ ኣብ ምልክት ኣጽዋር ዓቢ ተመኩሮ ዝበሮ ተጋዳላይ እዩ።


ገለ ካብ ሓለፍቲ ዕቃበ ብረት

ብኸምዚ ኣገባብ ኑቲ ካብ ከዋብን ካልእ ከባቢን ዝተኣረየ ልዕሊ 40 ጽዑት መካይን ተኳሰን ተተኳሰን፡ ብፍላይ'ቲ ቀንዲ ቀንዲ ኣብ ሰናዱቕ ዝተታሕዘ ኣብ መጨረሽታ ወርሒ ኑሓሰ 1981 ዳርጋ ኩሉ ንሳሕል ከም ዝግዕዘ ተገይሩ። መኸተ ንሻደሻይ ወራር ኣብ ምቕራብ ክንድ'ዚ ዝኣክል ተተኩሰቲ ክተሓዝ ምኽኣሉ፡ ንህዝባዊ ግንባርን ንህዝቢ ኤርትራን ዓቢ ዓወት'ዩ እናተባህለ ናብ ውሑስ ቦታኡ ናይ ምግዓዝ ዕማም ብዓወት ተዛዚሙ። ግን ገለ ዘይተጻፈፈ ጋዕገልጠም ነይሩ። ኣብ ክሻን ካልእን ዝተታሕዘ ዘሰሚእ በምባታት ተሪፉ ነይሩ። ዝኣቶም ዳሞማይ ፈቲኾም ዘውግኡ ክኢላታት ጉዲፎም፡ ዳርጋ ዝበዘሐ ሰብ ንገበይ ጸዕዳ ሓሊፉ። እቲ ኸሉ ስራሕ ብዘይ ክሳራ'ኳ እንተተጻፈፈ፡ ኣብዝም ድሕሪት ንስራሕ ዝተረፉ ተጋደልቲ ግን ሓደጋ ኣጋጠሞ።

እቶም ሓደጋ ዘጋጠሞም ተጋደልቲ፡ ጥዕናኡ ዘይተጻረየን ዘጠራጥርን ናይ 60 ሚሊ. ሜተር ሞርታራት ኣብ ምፍታን ከለው'ዩ ኣጋጢሙ። ጠዓመ መብራህቱ፡ እተን ናይ 60 ሚሊ. ዘተኣማምና ስለ ዘይነበራ ኣብ ሓንቲ ገረብ ፈልዩ ኣቐሚጡወን ነበረ። ሓላፊ ግርማይ ዑቕባይ፡ "ክንፍትሻን ኢና ኣምጺኣየን" ስለ ዝበለ፡ ከልዕለን ጀመረ። ካልኦት ሓለፍቲ (ዑቕባዝዮን ሳልሕ ዐሰማንን) ንጠዓመ መብራህቱ ከምጽኣን ስለ ዝረኣዩዎ፡ "እንታይ ኢልናየን ወላ ዘይቅበራ" ኢሎም ስክፍታኦም እናገለጹ ምቕሉል ተቓውሞ ኣርኣዩ። ግን ግርማይ "ክፍተና ኣሎወን" ኢሉ ኣብ ሓሳቡ ብምድራቕ ንጠዓመ ናብ መፈተኒ ቦታ ሒዚወን ክቐርብ ጸቕጢ ገበረ።

እታ ሞርታር 60 ሚሊ፡ ናይ ምዕራብ ስራሓት ኮይና ንውሑ ዝበለትን ናይ እግሪ ደኳ ዘይነበራን እያ። ክትፍተን እንከላ፡ ኣብ ክንዲ ደኳ - ረዘነ ተላ ባዕሉ ብኢዱ ሒዙ ይቆጻጸራ ነበረ። ግርማይ ዑቕባይ፡ ንቐዳመይቲ ቦምባ ኣጉረሳዋ፣ ግን እታ ቦምባ ዘይጥዕይቲ ስለ ዝነበረት ካብ ቅድሚ ተኩሰቲ ብዙሕ ከይረሓቐት ጥብ ኢላ ወዲቓ። ኣይተፈንጀረትን'ውን። ግርማይ ነታ ቦምባ ከይዱ ኣከበዋ። ኑቲ ሓሸዋ ኣጥፍእ ኣጥፍእ ኣቢሉ ዳሞማይ ክትፍተን ኣዳለዩዋ።

ኣብዚ ግዜ'ዚ ገለ ተጋደልቲ ኑቲ ሓደገኛ ፈተነ ምስ ረኣዩ ካብኡ ኣርሓቑ። ግርማይ ዑቕባይ፡ ኑቶም ብዘይ ስራሕ ኣብ ከባቢኡ ኮይኖም ዝዕዘቡ ዝነበሩ'ውን፡ "ንሽኻትኩም'ውን ተኣለዩ" ኢሉ ኣርሓቖም። ፈተንቲ ግን ስራሖም ቀጸሉ። ኣብ ካልኣይ ፈተነ ግርማይ ነታ ቦምባ ኣብ ሻምቡቆ ብረት 60 ሚሊ. ከእትዋን ካብ ሻምቡቆ ብረት ከይወጸኣት ክትፍንጀርን ሓንቲ ኩይና። ቀጥታ ኑቶም ክልተ ፈተንቲ ተጋደልቲ ከም ዘይነበሩ ገይራቶም። እታ ቦምባን እቲ ሻምቡቆ ብረትን ክልተኡ ስለ ዝተፈንጀረ፡ እቲ ድንገት ብዘይ ምሕረት ገገዚዩዎም። ረዘነ ተላን ግርማይ ዑቕባይን ክልተ ሳለለምት ሓለፍቲ ዕቃበ ብረት በዚ ሓደጋ'ዚ ብ 2 መስከረም 1981 ንግሆ ተሰዊኦም።

ከምቲ ልዕል ኢሉ ዝተገልጸ፡ ማእከላይ ክፍሊ. ዕቃበ ብረት፡ ብዙሕ ኣጽዋር ስለ ዝረኸቡ "ዘሐጉሰን ዕዉትን ወፍሪ!" ኢሎም ኣብ ዝዝምገሙዎ ወፍሪ፡ ኣብ መዛዘሚኡ ግን ኣሕዚኒ ኩነታት'ዩ ተፈጢሩ። ብዘይካ ናይ'ዞም ክልተ ብጾት ማሰዋእቲ፡ ካብኡ ዝገደደ ካልእ ኣሰንባዊ ሰብኣዊ ክሳራ ስለ ዘጋጠሞም፡ ንናይ 1981 ወፍሪ ብዓወትን ብመስዋእትን እዮም ዝዝክሩዋ። ምኽንያቱ፡ ካብዚ ዝተገልጸት ሓደጋ ልዕሊ ሓደ ወርሒ. ጸኒሑ'ውን ህይወት 14 ተጋደልቲ ዝወሰደ ናይ ክፉእ ዝኸፍአ ሓደጋ ኣጋጢሙዎም እዩ።

እቲ ካልኣይ ድንገት፡ ኣብ ፎርቶ - ናይ ሕጂ ፎርቶ ሳዋ - እዩ ኣጋጢሙ። ብዕለት 2/10/1981 ኣብ መንጎ ሆሚብን ፎርቶን ዝተቐበረ ኣጽዋር ናይ ተሓኤ ከም ዘሎ ዘይጥሉል ሓበሬታ ስለ ዝመጸ፡ ኣባላት ኤምዳድ ንዕኡ ንምርግጋጽን ንምፍታሽን ተንቀሳቒሶም ወዓሉ። ግን ዝተረኽበ ኣሰር ኣይነበረን። ቀጥታ ካብ ወፍርም ናብ መባእሲ. ቦታኦም ምስ ተመለሱ፡ ናይ ኣባላት ሃንደሳ መደብ ምዝንጋዕ (ግብጃ) ስለ ዝጸንሖም፡ ኑቦም ተሓጻጺቦም ቀጥታ ምስኦቶም ተጸንበሮም ምዝንጋዕ ጀመሩ።

ኣብ ከምዚ ዝበለ ምዝናይ እንከለው፡ ናይ ኤምዳድ ንብረት ዝጽዕና መካይን መጺኣን ጥሩምባ (ክላክ) ሃረማሎም። እቶም ኣብ ምዝንጋዕ ዝጸንሑ ኣባላት ኤምዳድ'ውን ንመደብ ምዝንጋዕ ወዝዚፎም ብድድ ብድድ ብምባል ናብቲ ስራሕ ከዱ። ሓላፊ ኤምዳድ ሃንደሳ ተጋዳላይ ሻቕጣን'ውን ኣብቲ ምዝንጋዕ ተረኺቡ ስለ ዝበረ'ሞ፡ ድሕሪ'ቶም ናብ ስራሕ ዝተገደሙ ኣባላት ኤምዳድ ኑቲ መደብ ምቕጻሉ ሕልናኡ ስለ ዘይገበረሉ፡ ንምሕጓዞም ኣባሉቱ ሒዙ ናብቶም ኣባላት ኤምዳድ ተጸንበረ።

እቲ ናይ ምጽዓን ስራሕ፡ "ካምቦድያ" (ተሰሪዑካ ምቕባል) ብዝበሃል ኣገባብ ገይሮም የቀላጥፉዎ ነበሩ። ኣብ መንጎ ምቕባሎም ከኣ ሓደ ፍልይ ዝበለ ንብረት መጸኦም። M-15 ዝበሃል ጸረ ተሽከርከርቲ ስርሓት ኣመሪካ ኑታጉ እዩ።

እዚ ኑታጉ'ዚ፡ ኣጽዋር ትጥርንፍ ዝበረት ኣሃዱ ብርጌድ 70 ረኺባ ዘምጽኣቶ ነበረ። እታ ኣሃዱ፡ ናብ ኾቦታት ኬሩ ምስ ወፈረት፡ እዚ ጸረ ተሽከርከርቲ ኑታጉ ተቐቢሩ፡ ግን ብሸፈል ተቐልቂሉ ክረኣ ስለ ዝጸንሐ፡ እታ ኣሃዱ ፍሒራ ብምውጻእ፡ ኣብ ገመል ጸዒና ኣምጺኣቶ። ክኢላ ስለ ዘይነበሩ፡ ጥዑም ከይወጽኣ ከም ዘለዎ'ዩ እዩ መጺኡ።

ሓላፊ ወተሃደራዊ ምወህሃድ ተጋዳላይ ተማሰገን ጉብረሶላሰ፡ ኑቲ ፈንጂ ምስ ረኣዩ፡ "እዚኣ ሓደጋ ከይተኸትል ኮዒትኩም ቅበሩዋ" ኢሉ ትእዛዝ ሂቡ ነይሩ። ግን ኣባላት ሃንደሳ ስለ ዝመጽኡ፡ እዚ ተኤንቲ'ዚ (ተቓጻሊ ኣካል ኑታጉ) ክጠቕመና ይኽእል'ዩ ካብ ዝበል ስስዐ ክቕብሩዋ ኣይደለዩን፣ ጥዑም ኣውጺኦም ምሰ'ቲ ንብረት ክጽዕን ገደፉዋ።

ኣብ ግዜ ምጽዓን፡ ኩሉ ሰናዱቕ ጠያይትን በምባን ተጻዒኑ ምስ ተወድኣ፡ ብላዕሊ. ኣብ ሃጓፍ ቦታ ሰኹዖም ቀራቒሮም ጸዒናሞ። ግን እቲ ተኤንቲ እኹል ጸቕጢ. ምስ ረኸበ ተባሪዑ እቲ ኑታጉ ተፈንጂሩ። ንሱ ምስ ተፈንጀረ ድማ፡ ንኹሎም ኣብቲ መኪና ተጻዒኖም ዝነበሩ ተተኩሰቲ ነገራት ከም ዝበርዑ ገይሩ። ኣብታ መኪና ዝተፈላለየ ዓይነት (ናይ ግራድ ናይ ካቱሻን ካልእ ጠያይትን) ስለ ዝነበረ፡ ከምኡ ዓይነት ኑትጉን ምፍንጃራትን ተሰሚዑን ተራእዩን ኣይፈልጥን። ኩሉ ተተኳሲ. ስለ ዝተባርዐ፡ ነታ መኪና'ውን ናብ ስኬጅታት ከናቲፋዋ። እቶም ካምቦድያ ተሰሪዖም ክጽዕኑ ኣብታ መኪና ዝጸንሑ ተጋደልቲ፡ ኣሰርም ተሳኢኑ፡ ኣካላቶም ከም ቋንጣ ተዘልዚሉ ኣብቲ ኣግራብ ተንጠልጢሉ ክሳብ ዝርአ ኮይኑ።

ጉብረሂወት ሳሚኤል፡ ኣብ ልዕሊ.'ታ መኪና ኮይኑ በምባታት ዝቕበልን ዝርስርስን ዝበረ ኣባል እዩ። እታ ፈንጂ ምስ ተፈንጀረት፡ ቀዳማይ ክሰዋእ ተኽእሎ ዝበሮ ተጋዳላይ እዩ። ግን ብሃፋ ጥራይ ኣርሒቓ ናብቲ ኣግራብ ደርቢያቶ። ሽዑ ኣይተሰውአን፣ ግን ድሒሩ ኣብ ዝተኻየደ ውግኣት ተሰዊኡ።

ጸሃዩ ተወልደ'ውን ምስቶም ጸዓንቲ'ኳ እንተነበረ፡ ግን ሓደ ካብቶም ፈጺሞም ዘይተተንከፉ እዩ። ገለ ስውኣት ከኣ


ኣባላት ዕቃበ ብረት

ኣብ ግዳማዊ ኣካሎም ናይ ማህረምቲ ምልክታት ዘየለ ግን ብምዕባስቲ ጥራይ ህይወቶም ሓሊፉ ተረኺቦም።

ባርዕን ምፍንጃራትን ናይቶም ኣብ ጽዑት መኪና ዝነበሩ ተተኩሰቲ ካብ ሰዓት 4፡00 ክሳብ ሰዓት 10፡00 ምሸት ስለ ዝቐጸለ ዝረድእ ሰብ ናብኡ ከይቀርብ ኣዚዚ. ብርጌድ 70 ተጋዳላይ ሳልሕ ሕሩይ መምርሒ. ኣመሓላሊፉ፡ "እዞም ሓደጋ ዘጋጠሞም ተጋደልቲ ኦሮማይ ከሰርናዮም ኢና! ተወሳኺ. ሰብ ከይንልክዎም" ዝኸውን ሰብ ናብቲ ባርዕ ከይኣትው ዓገቶ።

ሽዑ ኦፐሬተር ተጋዳላይ ተማሰገን ዝበረ ተጋዳላይ ተኽለ ሃይሉ፡ በቲ ኑትጉ ኣፍልቡ ተሃሪሙ ምስ ወደቐ፡ ካብ ሰዓት 4፡00 ድ/ቀ ክሳብ ሰዓት 10፡00 ኣብ ጥቓ'ቲ ባርዕ ተደርቢዩ ኣምሲዩ። እቲ ምፍንጃር ናይ ጠያይትን በምባታትን ምስ ዘሓለ፡ ኣብቲ ከባቢ. ዝበሩ ኣባላት ታንክኛ ከቢድ ብረት፡ ሬሳን ውጉኣትን ክኣርዩ ኣትዮም። ካብ መንጎኦም ሓደ መራሒ. ጋንታ፡ ኣብ ተኽለ ሃይለ ምስ በጽሐ፡ ኣጹበዕቱ ኣብ ኣፍንጫ ተኽለ ኣልጊቡ ምስ መርመረ፡ ናይ እስትንፋስ ምልክት ስለ ዝረኸበ፡ "ዚ. ቐልዓ ነልዕሎ ህይወት ኣሎዎ" ብምባል ከም ዝለዓል ገበሮ። ተኽለ ንሳልስቲ ሃለዋቱ ክፈልጥ ኣይከኣለን።

ክኢላታት ዕቃበ ብረት መንግስቲ ኤርትራ ከም ዝበሉዎ፡ ኣብ ዓለም ንኣተሓሕዛ ኣጽዋር ኣመልኪቱ ዝወጸኣ ዓለማዊ ሕጊ ኣሎ። ንሱ ድማ ccw (convention of convention weapons) ይብሃል። ኣብቲ ናቱ ፕሮቶኮል 5፡ "ናይ ጸላኢ.ኻ ዝበረ ኣጽዋር ኣይትጠቐም" እዩ ዝብል። ናይቲ ኣጽዋር ታሪኽ ስለ ዘይትፈልጦ፡ ከተፅንዖ ጥራይ እዩ ዘለካ'ምበር፡ ዳግም ክትጥቀመሉ ከይትፍትን'ዩ መምርሒ. ዝህቦ። ይኹን'ምበር ኣብ ገድሊ. ኤርትራ እዚ. መምርሒ.'ዚ. ኣይሰርሕን ነይሩ።

ናይ ህዝባዊ ሓይልታት መምርሒ፡ "ንጸላኢ. ብብረቱ ብጥይቱ" ስለ ዝበል ኣንጻር መምርሒታት ccw እዩ ዝኸይድ። ሰውራ ኤርትራ በቲ ሕጊ'ቲ ተቐዪዱ ዝኸይድ እንተዝኸውን፡ ናጽነት ኤርትራ ኣይምመጽኣትን። ስለ'ዚ፡ እቲ ኣብ ፈተነ ዝኸፈል ዝበረ ማሰዋእቲ፡ እቲ ውድብ ዕጥቁ እቲ ዝተማረኸ ኣጽዋር ስለ ዝበረ፡ ንዕኡ ኣብ ምጥቃም ከኣ ክኢላታት ኣባላት ዕቃበ ብረት ክምርምሩዎን ክፍትኑዎን ስለ ዝግበኦ'ዩ ኣብ ከምዚ. ዝበለ ሓደጋታት ማሰዋእቲ ዝኸፍሉ ዝበሩ። ጥዕና ኣጽዋር መርማሪም ንስራዊት ከዕጥቑ ሓላፍነቶም ስለ ዝበረ እዩ።

ኣስማት ስውኣት ኣባላት ኤምዳድ፡ ሰመረ ጉብረመድህን (ወዲ ግዙር)፡ ረዘነ ተኽለሃይማኖት (መርዓዊ)፡ መሓሪ መንግስቱ (ጀማሂር)፡ ኪብሮም በርሀ (ወዲ ኣፍሮጢዛ)፡ ብርሃነ ነጋሽ (ማንጁስ)፡ በርሀ ምኪኤል፡ ዑመር ሳልሕ፡

ካብ ኣባላት ሃንደሳ ድማ፡ ሻቕጣን ሳልሕ፡ ዳኒኤል ዘርኢያቆብ፡ ጸሃየ በርሀ፡ ጸሃየ ኣውተኣስታ መጉዓዝያ፡ ኣብርሃም ሓላል (መጉዓዝያ)፡ ሰለሙን

ውጉኣት፡ ግርማይ ደብረጼን (ጥኑተ)፡ እያሱ ዑዲጉዱ፡ ተኽለ ሃይሉ፡ ተስፋማርያም በርሀ፡ መሓመድኑር ብድሀ፡ ጉብረሂወት ሳሚኤል፡ ሰመረ የሴፍን።

**ጨ/ምርምርን መጽናዕትን**
**ቤ/ጽ ጠ/ሓለቓ ስታፍ ሓ/ምክልኻል**

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

# VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following positions

**1. Position: Head Chef**

**Department: Employee Services**
**Section: Village Service**
**Number required: One (01)**

**Primary Purpose**

- The Head Chef is responsible for leading all culinary operations within the BMSC camp catering facilities. The position ensures the delivery of safe, nutritious, and high-quality meals to a diverse workforce while maintaining food safety standards, operational efficiency, cost control, and workforce development. The Head Chef provides leadership to kitchen personnel and supports the development of national employees through ongoing training and mentorship.

**Main Functions**

**Kitchen Management and Leadership**

- Manage and coordinate daily kitchen operations to ensure safe, efficient, and high-quality food production.
- Allocate duties and schedules to kitchen personnel to support operational requirements.
- Supervise cooks, bakers, kitchen assistants, and other catering employees.
- Foster a positive, disciplined, and productive working environment.
- Conduct training, mentoring, and coaching of national employees to develop culinary and supervisory capabilities.
- Participate in workforce succession planning and nationalization initiatives.
- Coordinate with catering and service teams regarding menus, special requirements, and operational changes.
- Provide input into kitchen facility improvements, equipment upgrades, and operational efficiencies.

**Food Production and Culinary Excellence**

- Develop, implement, and continuously improve menu cycles that meet workforce dietary and nutritional requirements.
- Prepare and oversee the production of international, Western, regional, and local cuisine.
- Ensure food quality, taste, presentation, and consistency standards are maintained.
- Monitor portion control and food preparation standards.
- Adapt menus and recipes to accommodate dietary restrictions, allergies, and medical requirements preferences.
- Introduce innovative menu items and seasonal offerings to improve customer satisfaction.
- Ensure meals meet the nutritional requirements of employees working in physically demanding environments.

**Health, Safety, Environment and Sanitation**

- Ensure compliance with company HSE standards, food safety regulations, and local health requirements.
- Promote and maintain safe work practices within kitchen operations.
- Conduct regular workplace inspections and identify potential hazards.
- Ensure proper sanitation of kitchen equipment, food preparation areas, and storage facilities.
- Maintain HACCP requirements and food safety documentation.
- Report incidents, near misses, and non-compliance matters as required.
- Support regular audits and inspections conducted by management and regulatory authorities.

**Supply Chain, Inventory and Cost Control**

- Monitor inventory levels of food, beverages, and kitchen consumables.
- Implement stock rotation and storage control procedures.
- Conduct regular stock counts and reconcile inventory records.
- Minimize food waste and improve utilization of resources.
- Monitor food costs and maintain expenditure within approved budgets.
- Provide recommendations regarding procurement requirements and replenishment schedules.
- Ensure proper care and accountability of kitchen equipment, utensils, and catering assets.

**Administration and Reporting**

- Prepare operational reports as required.
- Maintain attendance records and manpower information for catering employees.
- Submit menu plans and significant menu changes for management review and approval.
- Maintain accurate records relating to food safety, inventory, training, and operational performance.
- Participate in departmental meetings and provide recommendations for continuous improvement.

**UNIQUE REQUIREMENTS / OTHER INFORMATION**

- Ability to work on a remote mining site rotational roster.
- Ability to work flexible hours, including weekends and public holidays when required.
- Must be capable of working effectively in a multicultural and multinational environment.
- Expected to transfer skills and knowledge to national employees to support succession planning and workforce nationalization objectives.

| Qualifications: | Knowledge and Experience |
|---|---|
| • Diploma in Hospitality Management, Culinary Arts, Professional Cookery, or equivalent recognized qualification.<br>• HACCP (Hazard Analysis Critical Control Point) Certification.<br>• Food Safety/Food Handler Certification.<br>• Additional culinary certifications are desirable. | • Minimum 5 to 10 years of culinary management experience in high-volume catering operations, mining camps, remote site facilities, hotels, resorts, or industrial catering environments.<br>• Minimum 3 years' experience as a Head Chef or Senior Sous Chef in a large-scale commercial kitchen.<br>• Demonstrated experience managing multicultural and multinational workforces.<br>• Extensive knowledge of international, Western, and regional cuisines.<br>• Proven experience in menu planning, food costing, inventory management, and budget control.<br>• Experience implementing food safety, hygiene, and sanitation standards in industrial catering environments.<br>• Experience coaching, mentoring, and developing national employees through structured training programs. |

CONTINUED TO PAGE 7

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ -ሓበን ገብረኣምላኽ- ሳምራዊት መለስ

CONTINUED FROM PAGE 6

| Technical Skills | Behavioral Skills |
|---|---|
| • Advanced culinary and food preparation techniques.<br>• Menu planning, recipe development, and food costing.<br>• Inventory control and stock management.<br>• HACCP and food safety management systems.<br>• Nutritional planning and dietary management.<br>• Knowledge of halal and other special dietary requirements.<br>• Kitchen equipment operation and maintenance practices.<br>• Intermediate Microsoft Office skills (Word, Excel, Outlook.) | • Strong leadership and people management skills.<br>• Effective communication and interpersonal skills.<br>• Coaching and mentoring capability.<br>• Customer service orientation.<br>• Ability to work in a remote-site environment.<br>• Planning and organizing skills.<br>• Problem-solving and decision-making abilities.<br>• Ability to perform under pressure and manage multiple priorities.<br>• Commitment to safety, teamwork, and continuous improvement. |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work: Bisha.**
- **Salary: As per Company salary scale.**
- **Type of Contract: Indefinite**

**Additional requirements for Nationals:**

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provided evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Present clearance paper from current/last employer.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

**Address: Please mail your applications to:-**
**Bisha Mining Share Company,**
**P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**
**Please send a copy of your application to:**

1. **Aliens Employment permits Affairs,**
   **P. O. Box 7940**
   **Asmara, Eritrea.**
2. **Mineral Resources Management**
   **P. O. Box 272 Asmara, Eritrea**

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኣቶ ኣማን ኣደም መሓመድ ምባል ተረፉ ኣማን ኣደም ዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን06/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ስምረት ካሕሳይ እማሃጸየን፡ ብዓል ቤተይ ኮኾብ ጊላይ ሰረቓ ስለዝተሰወሉ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰሊይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ብፍ/በ/መሰል ወ/ሮ ዳናይት ዑቕባጼን ወልደኪዳን፡ ብፍ/በ/ዕዳ ኣቶ ሃፍቱ ዓንደም ባህታ፡ ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ኣድራሻኻ ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን6/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

ንሕና ወረስቲ ነፍ/እድሪስ ሓምደ ሓሰበረቢ ዝኾንና፡ ኣብ ዞባ ማእከል ኣስመራ ምምሕዳር ኣኽሪያ ከባቢ ገዛ ዐብል ዚፕ 1A134 ፕሎት 2 ፓርሴል ASP00017920 D መለለይ ገዛ ASD00017086 ስፍሓት መሬት 300 ት/ሜ ኣብ ዝርከብ ቦታ፡ ክሽነ 3 ክፍሊ 9 ዓይኒ ምድሪ 3፣ መለለይ ቁ.ንብረት 1፡15773 ብኮሚሽን ኣባይቲ መወከሲ ብቑ. ኮኣ/023/ክ5/96 ተመዝጊቡ ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ ንብረት (ገዛ) ብውርሲ ናብ ወረስቲ ክሓልፍ ስለ ዝተደለየ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ሓደ ወርሒ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ። ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ጉዳይና ከፈጽም ምዃንና ንሕብር።

1. ያሲን ብርሃኑ እድሪስ
2. ሳልሕ ብርሃኑ እድሪስ

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Lilo Transport PLC invites applications for the following position:

Position: customs clearing agent
Number required: 1

Major duties:
1. perform customs clearing and forwarding services and related tasks
2. prepare job performance report regularly

Qualification
1. Customs clearing and forwarding services certificate
2. Skilled in MS word and Excel and operating ASYCUDA computer program

General information and requirments
Place of work: Asmara
Slary: Company salary scale
National service: Evidence of release required
Documents: Nonreturnable copies of CV, work experience and educational certificates and ID

Applications should be sent to Lilo Transport PLC, P.O. Box 1997, Asmara or delivered to our office at Bada street near Expo Hotel, Asmara.
Deadline for application: 10 days from the day of publication in the newspaper

ብስም እሰይ ኣለም ተኽስተ፡ ኣብ ዓዲ ከባቢ ጻ/ክርስትያን ብመወከሲ ቁጽሪ 1640 ቁጽሪ ምስክር ወረቐት 008602 ፕሎት 104 ፓርሰል H ንመንበሪ መዓላ ዝተዓደለኒ ምስክር ወረቐት ስለ ዝጠፍኣኒ፡ ዝረኸበ ወይ ብዕዳ ሓዚዎ ዝብል እንተሎ፡ ብቁጽሪ ስልኪ 07640513 ክሕብረኒ። እንተዘይርከብ ግን መተካእታኡ ንዝምልከቶ ኣካል ክሓትት ምዃነይ እሕብር።

እሰይ ኣለም ተኽስተ

ፋብሪካ በራ ኣስመራ፡ ንወነንቲ ብርኪ፡ ናይ 2025 ዓም ብጽሒት (Dividend) ክኽፍል ስለ ዝኾነ፡ ኩሉኹም ሰብ ብርኪ፡ እቶም ናይ ባንክ ሕሳብ (Bank account) ዝሃብኩም ኣብቲ ባንክኹም ኬድኩም ሕሳብኩም ክትወስዱ፡ ናይ ባንክ ሕሳብ (Bank account) ዘይሃብኩም ድማ ዘለኩም ሰድ ብምሓዝ ካብ ዕለት 20/08/2026 ጀሚሩ ኣብ ፋብሪካ በራ ብኣካል ብምምጻእ ወይ ብሕጋውያን ወከልትኹም ብጽሒትኩም ክትወስዱ ከምትኽእሉ የፍልጥ።

ንዝያዳ ሓበሬታ ብቁጽሪ ስልኪ 181200 ተወከሱና።
ፋብሪካ በራ

ንሕና 1. ኣቤል ተኽለሃይማኖት መብራህቱ 2. ሊድያ ተኽለሃይማኖት መብራህቱ ኣብ ምም/ን/ዞባ 4+ ኣስመራ ዞባ 9 ምም/07 ጎደና 131-2 ቁ/ገዛ ብ/ቀንዲ ክፍልታት 3 ሓገዝቲ ክፍልታት ዝተሰርሐ ግዝ ምስክር ዋንነት ኣባይቲ ከተማ ቁምስክር ወረቐት 122642 መወከሲ ቁ.135815 ብስም መዋቲ ብዓል ቤታ ነፍ/መብራህቱ ኣስፍሃ ኮረሪ ዝተመዝገበ ኮ/ቤ/ፍ ኣኽርያ ሲ/መዝ/ቁ 96/2023 ብዕለት 07/11/024 ዝተዋህበ ውሳነ ዓብይና ወ/ሮ ለተብርሃን ወልደንከኤል መድሃኔ ካብ መዋቲ ብዓል ቤታ ናይ መጻምዲ ማሰላ ተሓልዩ ዝረኸበቶ ፍርቂ ብጽሒታ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ብዕለት 07/05/2025 ናይ ወሃብቶ ውዕል ጽሑፍ ብምፍጻም ኣብ ቤት ፍርዲ ዞባ ማእከል ቤ/ጽ ረጂስትራር ቀሪባ ብዕለት 03/10/2024 ቁ/መዝ 283/2024 ኣብ ቅድሚ 4 መሰኻኽር ክታማ ብምንባር ብውህብቶ ስለ ዝሃበትና፡ ናብ ስምና ክመሓለልፍ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ሕጊ ብዘእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ ሒዙ ናብ ቤ/ጽ ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ካዳስተርን ይቕረብ።

ወኪል ትዕበ ግርማይ ጉብረእየሱስ

ኣነ ዳዊት የውሃንስ ኣድሓኖም፡ ኣብ ዞባ ማእከል ኣስመራ ከተማ ምም/ከባቢ ሰምበል ዚፕ ኮድ 1A835 ጎደና 835-56 ፕሎት 64 ፓርሰል F ከባቢ ዒላ ጎሎም ዝርከብ፡ ኣብ ሚ/ሪ መሬት ማይን ኣከባብን ቤ/ጽ ካዳስተር ብመለለይ ቁ.ንብረት 1BRASM022149-0 ብስም ሚካኤል ጉብረረኣምላኽ ብርሃ ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ስለ ዝዓደግኩዎ'ሞ ስም ዋንነት ናብ ስመይ ክመሓለልፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ሕጊ ብዘእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ ናይ መውዳእታ ውሳነ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታርን ካዳስተርን ይቕረብ። እንተዘይቀሪቡ ግን ስም ዋንነት ናብ ስመይ ከመሓልልፎ ምዃነይ እሕብር።

ዳዊት የውሃንስ ኣድሓኖም

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ -ሓበን ገብረኣምላኽ- ሰምራዊት መለስ

# VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following positions

1. **Position: Scaffolding and Rigging Field Advisor**

**Department: Processing Plant**
**Section: Engineering Process Plant**
**Number required: One (01)**

**Primary Purpose**

- The Scaffolding and Rigger Field Advisor will train, supervise and ensure world class competency in the field on rigging and dogging tasks as well as building of scaffolding structures throughout the Process Plant as required. Safety is of utmost importance while building, use and dismantling.

**Essential Functions**

- Design and present scaffolding training programs (e.g., basic, intermediate, advanced, and inspection courses) tailored to adult learners. Teach trainees how to interpret technical drawings, structural designs, and manufacture instructions for various types (e.g., tube and clamp, system scaffold, birdcage).
- Deliver engaging classroom instruction and hands-on practical training.
- In a hands-on field role, engage, train and ensure all rigging tasks are done safely and correctly. Observe and do Planned Task Observations on lifts including equipment selection, calculation of lifting points, slinging and dogging and safety.
- Train and ensure compliance during equipment inspections such as slings, wire rope, chain blocks, lifting tackle, etc.

**TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREAS**

**Planning**

- Scaffolding assessments and delegates any scaffolding requirement in BMSC.
- Be responsible for preparing the materials to provide access to elevated tasks by means of scaffolding.
- Be responsible for training the nationals to become competent scaffolders and be able to provide a safe working platform for any personnel that are required to work at heights
- Determine rigging equipment requirements (design, load, length, etc.).

**Implementation of the Plan**

- Identify the highest priority for each week and focus on completing relevant tasks.
- Ensures good housekeeping.
- Ensures “rigging/scaffolding” operations on the mine are carried out in an efficient and effective way to minimize downtime, effecting production.
- Performs regular legal inspections on all lifting and scaffolding equipment on site to detect potential problems before they cause safety incidents
- Controls downtime by ensuring the best techniques are being used to repair breakdowns.
- Ensure safety requirements are fulfilled at the workplace, including leading Field Level Risk Assessment (FLRA) and proper use of the appropriate PPE. Report any safety issues/incidents.
- Comply with mine’s cardinal rules and other safety, environmental or other rules and standards as directed. Identifies any hazards in the workplace.
- Maintains equipment; parts and supply stocks by carrying out regular stock takes and ordering replacements as required.

**Scaffolding**

- Ensure all scaffolding on site is in a good usable safe condition. Any non-compliment items must be removed and destroyed before disposal.
- Ensure there are correct quantities of each component on site
- Ensure storage is neat and organized.
- Train nationals and lead in a hands-on manner ensuring all scaffolding erected is fit for purpose and safe.
- Sign off on scaffolding installations.
- After use, ensure scaffolding is dismantled timeously.

**Slinging training**

- Splice cables to prevent ends from fraying
- Splice cables according to required standards (Thimbles)
- Sling complex loads and communicate during crane operations
- Sling normal loads and communicate during crane operations.

**Lifting Training**

- Ensure correct lifting points have been identified
- Ensure correct lifting equipment has been identified
- Ensure equipment is correctly used
- Ensure that load is always controlled
- Establish and enforce whistles and other forms of communication.
- Perform pre-use maintenance and inspection on lifting machinery and equipment
- Direct the operation of an overhead crane
- Lift and turn a load
- Lift and move a load using manual lifting equipment and tackle.

**Writing Reports & Data Control**

- Compile regular training reports with progress, challenges and next steps

**UNIQUE REQUIREMENTS / OTHER INFORMATION**

- Candidate must be physically medically fit
- Candidate must be qualified as Rigging and Scaffolding
- Must be able to work outside exposed to Heat, wind and dusty environments
- Must be able to work at Heights.

| Qualifications: | Knowledge and Experience |
|---|---|
| • Grade 12 (Technical School) with maths and English.<br>• Official lifting and slinging as well as scaffolding training by a recognized body. | • 10 years + of lifting, slinging and scaffolding<br>• 4 years + of training and mentoring national teams. |
| **Technical Skills** | **Behavioral Skills** |
| • Attention to detail<br>• Rigging & Crane experience<br>• Problem solving skill.<br>• Intermediate Microsoft Office skills (Word, Excel, Outlook.) | • Communication (English)<br>• Prioritizing skills<br>• Ability to work towards strict deadlines<br>• High level of accuracy<br>• Self-motivation.<br>• Commitment to safety, teamwork, and continuous improvement. |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work:** **Bisha.**
- **Salary:** **As per Company salary scale.**
- **Type of Contract:** **Indefinite**

**Additional requirements for Nationals:**

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provided evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Present clearance paper from current/last employer.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

**Address: Please mail your applications to:-**
**Bisha Mining Share Company,**
**P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**
**Please send a copy of your application to:**

1. **Aliens Employment permits Affairs,**
   **P. O. Box 7940**
   **Asmara, Eritrea.**
2. **Mineral Resources Management**
   **P. O. Box 272 Asmara, Eritrea**

# ቤት ትምህርቲ ሰውራ

## ካብ ምምስራቱ ምሕሳቡ ይብርትዕ፡ ፍርያቱ ከኣ ዝያዳ የኹርዕ!

ካልኣይን መወዳእታን ክፋል

መምህር ወልደዝጊ ቀለተ
(ኣቦሓጎይ)

ኣብቲ ብምኽንያት ወርቃዊ እዮቤልዩ ቤት ትምህርቲ ሰውራ፡ ብኮምሽን ባህልን ስፖርትን ዞባ ማእከል ዝተወደበ ናይ ዝኽሪ መደብ፡ ሓደ ካብቶም ቀዳሞት መስረትቲ ቤት ትምህርቲ ሰውራ፡ ተመራማሪ ታሪኽ መምህር ኣለምሰገድ ተስፋይ፡ ከም ኩሉም መደባት ናይቲ ውድብ ምምስራት ቤት ትምህርቲ ሰውራ ብመሪሕነት ህዝባዊ ሓይልታት ከም ዝተሓሰበ ይምስክር። ህዝባዊ ሓይልታት ኣብ መጀመርታ 70ታት ኮይኑ፡ ምምስራት ቤት ትምህርቲ፡ ክፍሊ ሕክምና፡ ዜናን ፕሮፖጋንዳን ካልኦትን ምሕሳቡ ብርቂ ነገር ምኳኑ ደማ ይገልጽ።

ኣብ ህዝባዊ ግንባር፡ እዚ መደብ እከለ እዩ ፈለማ ሓሲቡዎ ወይ ኣበጊሱዎ ናይ ምባል ባህሊ ኣይነበረን። ስለዚ ምምስራት ቤት ትምህርቲ ሰውራ ዝሓሰቡ እውን ልክዕ ከምቲ ካልእ መደባት ህዝባዊ ግንባር፡ እቶም ዝሓሰቡዎ ካብ ሓፋሽ ተጋዳላይ ፈሊኻ ንኽትሰምዮም ኣሸጋሪን ዘይተለምደን ነገር እዩ።

መምህር ኣለምሰገድ ተስፋይ፡ ኣብ ምንዳፍ ወይ ምሕንጻጽ መደባት ትምህርቲ ኣብ ሰውራ ካብቶም ቀዳሞት ከም ዝኾነ፡ ንኡስ ወሲኹ፡ 'ሕማም ተወዚዕ' ኣብ ተማሃሮ ጥራይ ዘይኮነ ኣብ መምህራን፡ ኣቦታትን ኣደታትን ተማሃሮን ቤት ትምህርቲ ሰውራ ዝነበረ ምኳኑ የዘንትው። ኣብ ብሌቓት ብ1975 ኣስታት 36 ዝኾኑ ምሁራት፡ ሰውራዊ ስርዓተ ትምህርቲ ክስድሩ ከም ዝተኣከቡ፡ ሕማም ተወዚዕ ስለ ዘጥቅዖም ግን ናብ ኣስታት 4 ምሁራት ተጋደልቲ ጥራይ ከም ዝተረፉ'ሞ፡ ንሳቶም ናይ ገድሊ ተልእኾኦም ምምስራት ቤት ትምህርቲ ሰውራ ምኳኑ ኣሚኖም መደብ ስራሖም ከም ዝጀመሩ የዘንትው። 'ሕማም ተወዚዕ' ወይ ወኒ ንመስዋእቲ (Zeal to sacrifice) ኣብ ተማሃሮ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ጥራይ ዘይኮነት ክቱር ድሌት ንመስዋእቲ ይመስለና ነይሩ። መሰረቱ ግና መምህራናን ኣለይትናን ምኳኖም፡ ሕማም ናይ ኩሎም ኣብ ደጀናት ዝተመደቡ ተጋደልቲ ምንባሩን መምህር ኣለምሰገድ ኣዘኻኺሩና።

ቀጺሉ፦ እቲ ሽዑ ዝሰደፉዎ ኤርትራዊ ስርዓተ-ትምህርቲ (Curriculum) ኣብዞም ዝስዕቡ ዓበይቲ ኣዕኑድ ዝተመስረተ ከም ዝነበረ ገሊጹ።

1. ትምህርቲ ንጥቕሚ ሓፋሽ ምውዓል፣
2. ትምህርቲ ኣብ ገድሊ ንኽሕግዝ ምቹእ ባይታ ምፍጣር፣
3. ትምህርቲ ብቛንቋ ኣደ ንክወሃብ ግቡእ ምድላዋት ምግባር ወዘተ.

ኣብቲ እዋን'ቲ ናይዚ ሎሚ ዘሎ ስርዓተ ትምህርትና መሰረት ዝኾነ ናይ ገድሊ ስርዓተ ትምህርቲ ከም ዝሰደፉ መምህር ኣለምሰገድ ኣውኪኡ። 10 መትከላት ተማሃሮ ቤት ትምህርቲ ሰውራ'ውን ኺ-ኺ ስርዓተ ትምህርቲ ከም ዘውጽእዎን፡ ኣብ ምህናጽ ዲሲፕሊን ተማሃሮ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ደማ ልዑል ግደ ከም ዝነበሮን ብኣብነት ኣሰንዩ ዘርዚሩ።

ዓሰርተ መትከላት ቤት ትምህርቲ ሰውራ ንኣና ንተማሃሮ ቤት ትምህርቲ ሰውራ፡ ማዕረ ዓሰርተ ትእዛዛት ቅዱሳን መጻሕፍቲ እዮም ነይሮም። ሓቀኛታትን ርትዓውያንን፡ ደፋራትን ተባዓትን፡ ልዙባትን ምእዙዛትን፡ ንቑሓትን ስልጡናትን ወዘተ. ከም እንኸውን ገይሮሙና እዮም። ኣብ መውዳእታ ደማ ካብ ዓዳውን ቀቢላውን፡ ብሓፈሻ ካብ ኩሎም ትሕተ-ሃገራውያን ኣተሓሳስባታት ነጻ ዝኾነ ምስሊ ህዝባዊ ግንባር ሒዝና፡ ከም ሓደ ፍሉይ ማሕበረ-ኮም ተፈጢርና። ንሕና፡ ንሓድሕዶም ዝፍጌዉ ንኡስ ጉጅለ ሕብረተ ሰብ ኢና። እሙኑ ክሓዳ፡ ንሕና ተማሃሮ ቤት ትምህርቲ ሰውራ፡ ካብ ምስ ሓውና ወዲ ኣደና ንደቓይቕ ከዕልል፡ ምስ ዝኾነ ሓደ ተማሃራይ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ንሰዓታት ተመሲጥና ከዕምዕዮ ዝምእምኣና። ልዕሊ ንብርናኸ ኢና ንሓድሕድና ንፋቐር።

ተመሃሮ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ካብ ሰቡት'ዮም ክትብሉና፡ ማሽናት ዝፈጠርኦም ሮቦት ንመስለሉ እዋን ኣሎ። ብፍላይ ኣብ ምትግባር መትከላት ህዝባዊ ግንባር፡ ናብ ማሽናት ኢና ንቐየር። ንሓቅን ርትዕን፡ ማንዕርነትን ፍትሕን፡ ንምንቕቓፍን ምትእርራምን፡ ንምትሕብባርን ምትሕግጋዝን፡ ንምውፋይን ምትዕጽጻፍን የማን ኣይንብል ጸጋም ነቓጻት ኢና። ካብቶም "ደረቓት" ዝሰምዩና ደማ እዚ ባህርያትና እዩ። እቶም ንኣና ዝፈጠሩ ማሽናት ከኣ ኣደታትን ኣቦታትን መምህራንን ቤት ትምህርቲ ሰውራ እዮም። ንሕና ተማሃሮኦም ከኣ ልክዕ ቅዳሕ ምስሎምን ምስሊ ህዝባዊ ግንባርን ኢና።

ኣብቲ ብኮምሽን ባህልን ስፖርትን ዞባ ማእከል ዝተወደበ ናይ ምዝኽኻር መደብ፡ ሓንቲ ካብተን ቀዳሞት መስረቲ ዝኾነት መምህር ጺጋ ጋይም (ጓል ሻምበል)፡ ኩሎም ኣባላት ቤት ትምህርቲ ሰውራ ማለት ኣደታት፡ ኣቦታትን መምህራንን ልክዕ ከምቶም ኣብ ግንባራት ምስ ጸላኢቲ እናተኳሸሉ ግንባሮም ንዓረር ሂቦም ዝሰውኡ ዝነበሩ መሳቱኦም፡ ብኸሉ እንትናኦም ብቑዓት ሰባት ንምህናጽ ድርብ ቃልሲ የካይዱ ከም ዝነበሩ ብኣብነት ኣብሪሃ። እቲ መግለጺ፡ ካብቶም ምስጢር መንነተይ ዘለለዪ ተዘክሮኣ እዩ ነይሩ።


ንዝርዝሩ፡ ኣለይትን መጋቦን ተማሃሮ ቤት ትምህርቲ ሰውራ (ኣደታትን ኣቦታትን)፡ ከም ኩሎም ካብ ቤቶም ወጺኦም ምስ ጸላኢ ፊት-ንፊት ተታኺሶም ብምስዋእ፡ ናጽነት ከምጽኡ ዝተጋደሉ ምኳኖም፡ ታዕሊም ወዲኦም ናብ ሓይልታት (ድፍዓት) ክውዘዑ እናተጸበዩ፡ ናብ ደጀን ህጻናት ክምግቡን ክሓጽቡን ምስ ተመደቡ፡ ዝሰምዖም ሞራላዊ ሕንከት ምጽዋሩ ቀሊል ከም ዘይነበረ ርዱእ እዩ። ዝኣም ጉስጉስካ ኩሉ ገድላዊ ዕማም ምኳኑ ኣእሚንካ፡ ኣብ ምህናጽ ብኹሉ እንትናኡ ብሉጽ ተማሃራይ ከተሳትፎም ተደሪብ ስራሕ ከም ዝነበረ ወይዘሮ ጺጋ ገሊጻ። ልዕሊ ኩሉ እተን ከም መጋቦ ብቐጥታ ካብ ታዕሊም ናብ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ዝምደባ ዝነበራ ኣባላት፡ ካብ 18 ክሳዕ 21 ዓመታት ዝዕድመአን ብምኳነን፡ መዓልታዊ ልዕሊ ሓደ ኩንታል ሕሩጭ ወዲዓክር ኣብ ቀሪጽ ፈስቶ ለዊሰንን ላፍየንን ክሰንክታ፡ ኣዝዩ በዳህን ኣላህላህን ምንባሩ ዘኪራ። ወሲኻ እቶም ህጻናት ሕማም ቁርበት ከም ዓበቅ ዝኣመሰሉ ምስ ዝሓሙ፡ ቅያር ክዳን ብዘይምንባሩ ብምሉኡ ክዳውንቶም ኣብ ፍሉሕ ማይ ጠጢቐን ኣንቂጸን ንኽከድናኦም፡ ዝወለደት ኣደ'ውን ንኽትጸውሮ ዝኸብዳ መዓልታዊ ስራሐን ከም ዝነበረ ብምስትንታን ዘኪራቶ። ካልኦት ንኹተውርየሎም ቀልጢፍ ንክትሰርሖም ግና በዓህቲ ዝበሉ



ዕምምት ከም ዝተሓልፈ ደማ ብዝርዝር ኣዘንትያቶ።

ለካ ንኣቦታት፡ ኣደታትን መምህራንን ቤት ትምህርቲ ሰውራ እምበለ መጠን እነፍቅሮም ዝነበርናስ ካብ ክቱር ሓልዮቶም ዝተበገሰ እዩ። ከምቲ ኣደና ንእሹቶይ ምስ ተዓንቀፍና፡ "ቅድመኻ ይሰጥሓኒ'ዚ ወደይ ወይ ጓለይ!" ኢላ ተጕዳእና ከይንኸውን ምሐር እትሰምብድን እትሻቐልን፡ ኣለይትና ደማ ንከይንጠምን ከይንጸምእን፡ ንከይንዓርቕን ከይንቑርርን፡ ከይንፈርሕን ከይንሸቑረርን፡ ከይንሓምቕን ከይንሰንፍን፡ ቀም ከየበሉ ለይትን መዓልትን ኣብ ሓለዋና እዮም ዝጋደሉ ነይሮም። ብፍላይ ትኵራትን ደፋራትን ንምግባርና ዘይተበላሓትዎ ሜላታት ኣይነበረን። ንኣብነት፦ ኑቶም ኣዝዮም ንኣሹቱ ህጻናት ዝነበሩ፡ ብድምጺን ብደብዓብ ነፈርትን ተዳሂሎም ባህረርቲ ንኸይኮኑ፡ እተን ነፈርቲ ናትና (ናይ ውድብ) ምኳነን ኣብ ህንጻ ትሕቲ መሬት (ኣንደር ግራውንድ) እንተ ኣትዩም ብሸኮቲ ክሰንደዋሎም ምኳነን ይነግርዎም ስለ ዝነበሩ፡ ምዩም ደቂ ገርሂ ልባ ቀልዖ፡ ድምጺ ነፈርቲ እናክሰምዑ ብፍጥነት ናብቲ ህንጻ ትሕቲ ምድሪ ይኣትዉ ነይሮም።

ካልእ ኣብ እዋን ደብዓብ ነፈርቲ ቡዩም ኣለይትና ኣቦታትናን ኣደታትናን ዝሰርሑ ዝነበሩ ኣደነቕቲ ፍጻመታት ንምዝኽሩ



ብ3 ሓምለ 1984 ከምኡ'ውን ብ17 ሕዳር 1984ን ክልቲኡ ረቡዕ መዓልቲ፡ ኣብ 03 ደብዓብ ነፈርቲ ብወራሪ መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ህጻናት ተኻይዱ ነይሩ። ኣብ ክልቲኡ ደማ ብዙሓት ተማሃሮን ኣባላትን ተሰዊኦም። ኣብቲ ቀዳማይ ኣጋጣሚ ዝበዝሐ ተማሃራይ ኣብ ክታብት ጸረ ኣንቅጺ ክሳተፍ ኣብ 03 ተኣኪቡ ነይሩ። ዘዘተኸትቡ ህጻናት ደማ ኣብታ ንእሽቶ ሜዳ ኩዕሶ ተጨቓጨቒም ኩዕሶ እግሪ ይጻወቱ ነይሮም። ክልተ ሚግ 21 ነፈርቲ ብዘንደበት መጺኣን፡ ኣብቶም ዝጻወቱ ዝነበሩ ህጻናት ቦምባታት ኣዝኒበን። ሽዑ ንእለቱ ሓንቲ ኣስመረት ጽላሉ ኣዘ እትብሃል ህጻን ተማሃሪት ጓለንስተይቲ እትርከቦም ብዙሓት ህጻናት ተሰዊኦም።

ኑቲ መሰልፍተይን ዝፈቱዎ ዓርከይን ህጻን መብራህቶም ተስፋይ ኣናደየ ምስ ሰኣንኩዎ፡ ምስኡ ከም ዝተሰውአ ፈሊጠ።

እቶም ዝተረፍና ህጻናት በብዘለናዮ ፋሕ ኢልና ናብቲ ኽቦታት ሃደምና። ኣማሲዩና ንድራር ናብ ንብር መዕቈቢና ምስ ተመለስና፡ ናይ ነገር ቁልዓ ኑቲ ተረፍ-መረፍ (ስኩጆታት) ናይቲ ፋክረስ ክንፍትሽ ናብቲ ሜዳ ኩዕሶ ከድና። ኣናዲና ግን ዝተፋሕረ ጉድጓድ ይኹን ድርቃም ስኩጆ ሰኢንና። ኣቦይ ኣትዩ'ዶ ትብሉ ኣለኹም፧ እቶም ሰንከላን ኣለይትና ንእኡ ርኢና መታን ዳግማይ ከይንብህርር፡ ሓደ ብሓደ ኣርዮም ቀቢሮሞ። ኑቲ ጉዳጉዲ ደማ ኣማሳሲሎሞ። ከምዚ ዝኑበሩ ኣቦታት፡ ኣደታትን መምህራንን እዮም ኣዕቢዮምና። ሓደ ብሓንቲ እግሩ ጠለይ እናበለ፡ ሓደ ብሓንቲ ዓይኑ፡ ገሊኦም ደማ ፓራላይዝድ ኮይኖም ሰልፈፍ እናበሉ ዝተረፉ ኣካሉቶም ንዳግማይ ደብዓብ ነፈርቲ ወፍዮም ስኩጆ ዝቖብሩ፡ ዝተፋሕረ ጉዳጉዲ ዘመሳስሉ፡ ብኹሉ ብቑዓት ክንኮኖም ሰንከልናኦም በዳህም ድርብ ገድሊ ዝጋደሉ እዮም ነይሮም። እሞኸ ድኣ ተማሃሮ ቤት ትምህርቲ ሰውራ፡ ደቂ መን ኳንና ስሩዓት ክንከውን፧ ከመይ ኣቢልና ጃጀውትን ፈርሓትን ክንከውን፧ እዚ ንትምክሕቲ ኣይኮነን፡ ዝተሃንጽናሉ መስርሕ'ዩ ከምኡ



ገይሩና።

መብዝሕትኦም ተማሃሮ ቤት ትምህርቲ ሰውራ፡ ኣብ ትምህርቲ ብሓፈሻ፡ ኣብ ቀጽርን እንግሊዝን ከኣ ብፍሉይ ስሩዓት ኣይኮኑን። ሕማቕ ጽባቐ ጽሕፈት'ውን የብሎምን። ከምዚ ንክኾኑ ሓያል ጻዕሪ መምህራኖም'ዩ ሓጊዙዎም። ንኣብነት፡ ኣነ ብዓቕመይ ዝዝክሮ፡ ክቡር መምህር ቴድሮስ ኣብርሃ፡ ኣብ ፈቖዶ ካብ ደብዓብ ነፈርቲ እንሕብኣሉ ዝነበርና ስንጭሮታት እናኾለለ፡ ጽባቐ ጽሕፈት ፊደላት ቋንቋ ትግርኛ፡ እንግሊዝን ቀጽርን የለማምደና ነይሩ። ኩሎም ናይ ቀዳማይን ካልኣይን ክፍልታት መምህራንና፡ 'ሰሌዳ ምርባሕ' ክንሽምድዶ የገድዱና ነይሮም። ከም ውጽኢቱ ኣብ ምርባሕ ይኹን ምምቃል ዝጸገም ተማሃራይ ኣይነበረናን። ኣብ ታሕተዋይ ደረጃ ትምህርቲ ከለኻ ኣርባዕተ ተግባራት ቀጽሪ ብሓፈሻ፡ ምርባሕን ምምቃልን ደማ ብፍሉይ እንተዘይ መሊኽካዮም፡ ኣብ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃታት ምስ በጻሕካ ትምህርቲ ቀጽሪ ክትጸልኣ ልዑል ተኽእሎ ከምዘሎ ይእመን።

ተማሃሮ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ዝፈትውዎም ዓይነታት ትምህርቲ ቀጽሪ፡ ፊዚክስ፡ ኬሚስትሪን እንግሊዝን እዮም። ናይ 4ይን 5ይን ናይ እንግሊዝ መምህራንና ብቓላት ቋንቋ እንግሊዝ (Vocabulary) ከም ንዘቕብብ ገይሮም እዮም ምሂሮሙና። እዚ ቋንቋ እንግሊዝ ንክንመልኽ ኣዝዩ ሓጊዙና እዩ። ኣብ 6ይ ክፍሊ ከለና፡ ብዙሓት ብቛንቋ እንግሊዝ ዝተጻሕፉ ንኣሽቱ ማእከሎትን መጠን ዘለዎም መጻሕፍቲ ኣንቢብና። ማዕከናት ዜና ብቛንቋ እንግሊዝ ሰሚዕና ንርዳእን ኣስተርጊምን ነይርና። ብቐንዱ እቲ ሽዑ ዝነበረ ስርዓተ ትምህርቲ፡ ፍጹም ንተማሃራይ ዝማእከለ (absolute student centered) ስለዝነበረ፡ ኣብ ትምህርትና ብሉጻት ተማሃሮን ሰቡትን ንኽንኸውን ሓጊዙ። እኳ እንተነበረ፡ ግንዖ-ኣንበሳ ግና ንኣቦታትና፡ ኣደታትናን መምህራናን እዩ ዝጦዐ። ምኽንያቱ ናይ ምግዳል ተሃናም ወይ ኣብ ድፍዓት ኮይናም ምስ ጸላኢ ናይ ምትኳስ ወናም ቀቲሎም፡ ኣብ ምእላይን ምሕብሓብን ህጻናት ኣውዒሎም፡ ንኣና ክፈጥሩ ስለዝኸኣሉ። ክብርን ሞሳን ንእኦም ይኹን።

ፍልስፍናዊ መዳይ ቤት ትምህርቲ ሰውራ፡ ካብ ምሕሳቡን ምምስራቱን ክሳብ ምፍራይ ብሉጻት ተማሃሮን ተጋደልትን ኣመልኪተ ሪቐ ካብ ሕፍንቲ ፈታቲሓ ኣለኹ። ኣብ ቀጻሊ ብደሀታት ተማህሮ ቤት ትምህርቲ ሰውራን ኣበርክቶኦም ኣብ ገድልን መንግስትን ኣመልኪተ ብኸፊል ክፈታትን እዩ። "ተቛጺርኩም ኣይብለና"፡ ብድሓን ጸንሑ! ሰላም ምስናይ!

# ዝኽሪ መስከረም

## ፍሹል ፈተነ ቅትለት ሓምድ እድሪስ ዓዋተ

ነጸረኣብ ኣዛዚ

ካልኣይን መወዳእታን ክፋል

ጸሓፊ ታሪኽ ህይወት ሓምድ እድሪስ ዓዋተ ሃይለስላሰ ወልዱ፡ ነቲ ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ናይዚ ጽሑፍ'ዚ ዝተገልጸ ኪዳን ህዳድን ብጾቱን ዘፍሸልዎ ስርሒት ምቕታል ሓምድ እድሪስ ዓዋተ ብዝምልከት ኣብ መጽሓፉ ዘስፈሮ ሓበሬታታት ኣሎ።

"ካፒታኖ (ሜጀር) ዓብደልቃድር . . . ካብ ተሰነይ ክሰላ ኣትዩ ክወጽእ ጸገም ኣይነበሮን። ኣንጻር ቃልሲ ዝኣኸሎ'ዩ ገይሩ። ኣብ ከሰላ ምንቅስቓስ ተቓለስቲ ዝከታተላ ሰለይቲ ኣንስቲ ከይተረፈ ኣዋፊሩ፡ ነቶም ንቃልሲ ዝዳለዉ ዝነበሩ ምእታው ምውጻእ ከልእዎም። ወዲ'ቲ ከባቢ ስለ ዝኾነ ባዕሉ ወፊሩ ይኣቱ፡ ይኸልል፡ ይሰሊ። ንሱን ሰዓብቱን ብዓድን ብበረኻን መሬት እሾኽ ዘርኡላ።"

እቶም ተቓለስቲ፡ ነዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ተጻብኦ ብኸመይ ይምክቱዎ ከም ዝነበሩ ድማ፡ ሃይለስላሰ ወልዱ ካብ መሓመድ ኣድም ገሲር ዝረኸቦ ምስክርነት ብኸምዚ የቕርቦ፦

"ንሕና'ውን ኣብቲ ግዜ'ቲ ተሰነይ ከም ድሌትና ክንኣቱን ክንወጽእን ስለ ዘይንኽእል፡ በዚ ሰላም'ዩ በቲ ግን ኣይግድን፡ ናብ ቦታ እገለ ኣይተላግሱ ዝብሉና፡ ከም ብዓል ዓብዱራሕማን ሓሽም፡ ጃዕፈር ኣልሓጅ ኣልጠይብ፡ ኪዳን ህዳድን ካልኦትን ንካፒታኖ ( ሜጀር ዓብደልቃድር) መሳርሕቱ ነይሮምና።"

ድሕሪ ምጅማር ሰውራ፡ ኪዳን ምስ ሓምድ እድሪስ ዓዋተ ምስጢራዊ ርክብ ኣለዎ ተባሂሉ ስለዝተጠርጠረ ካብ ተሰነይ ንኣቑርደት ተጠረዘ። ኪዳን "ኣነ ኣብ ዘይፈልጦ ዓዲ ስለያ ኮይነ ክሰርሕ ኣይክእልን'የ" ኢሉ እኳ እንተጠርዐ፡ ሓለፍቱ ግን ሸጉጥ ሂቦም፡ ከም ቀደሙ ክሰርሕ ስለ ዝኣዘዙዎ፡ ብሓደ ወገን ስለያ ናይ ኢትዮጵያ ብኣንጻሩ ድማ ቀንዲ ወዳቢን ኣቐባልን ምስጢር ኮይኑ ምስራሕ ቀጸለ። ምስ ብዓል እስታዝ ማሕሙድ መሓመድ ሳልሕ፡ ኢብራሂም ጠምባርን ካልኦት ውዱባት ኣቑርደትን ብምዃን ከኣ ብዙሕ ስርሓት ዓመመ። እቲ ኣብ ኣቑርደት፡ ብ12 ሓምለ 1962፡ ኣብ ልዕሊ ጀነራል ኣቢይ ኣበበን ካልኦት ሰበ-ስልጣን ኢትዮጵያን ዝተፈጸመ መጥቃዕቲ ከኣ፡ ንኪዳን ኣብ ቅድሚ ዓይኑ ካብ እተፈጸመ ስርሒታት ሰውራ ሓደ እዩ። ኪዳን ነቲ መጥቃዕቲ ክዘክር እንከሎ ከምዚ ይብል፦

"ኢብራሂም ጠምባር፡ ፈዳኢን ኣብ ከተማ ኣቑርደት ቦምባ ደርብዮም ንሰበስልጣን ክቕትሉ ምምዳቦም ሓቢሩኒ። ኣነ ግን ህዝቢ ኣብ ዝተኣከበሉ ቦምባ ምድርባይ ብፍጹም ክኸውን ከምዘይብሉ፡ እታ ቦምባ ኢትዮጵያዊ ካብ ኤርትራዊ ፈልያ ስለ ዘይትቐትል፡ ሰላማዊ ህዝቢ ግዳይ ከይከውን፡ ከምኡ ዓይነት ስርሒት እንተተመዲቡ ካብ ከተማ ወጻኢ ጥራሕ ይኹን ኢለዮም" ይብል እሞ፡ ቀጺሉ. . ."ኣነ ብረት ዓጢቐ ስለ ዝነበርኩ ካብ ማእከል'ቲ ህዝቢ ቁሩብ ፍንትት ኢለ ኣብ ጫፍ ደው ኢለ ነይረ። ሽዑ ኣቦ መንበር ባይቶ ኤርትራ ደጃዝማች ሓምድ ፈረጅ፡ ነቶም ናይ ክብሪ ኣጋይሽ ዝተቐረበ ህያባት ሴፋትን ኣግማልን ከበርክት ኣብ ዝዳለወሉ ዝነበረ ህሞት ቦምባ ተደርብያ። ካብ ሚኒስተር ፍትሒ ኤርትራ ዝነበረ ዑመር ሓሰና ጀሚርካ ኣዘዮም ብዙሓት ካብ ሰበ ስልጣንን ካብ ሰላማዊ ህዝብን ምዉታትን ውጉኣትን ኮይኖም።" ይብል።

እዛ ስርሒት'ዚኣ፡ ብቶም ካብ ሜዳ ዝኣተዉ ፈዳኢን ተጋደልቲ ሰዒድ ሑሴን፡ ግንድፍል፡ ዲጎልን ካልኦትን ዝተወደበትን ዝተፈጸመትን እያ። ኢትዮጵያ ግን፡ ንመሓመድ ሓሰን ሓሰናን ንዓብደርሒም መሓመድ ሙሳን ዝበሃሉ ሲቪል ሰራሕተኛታት ጀብሃ ብጥርጣረ ኣብ ቀይዲ ኣእተወቶም። እዞም ክልተ ዜጋታት ከኣ ብዝተገብረሎም ከቢድ መርመራ፡ ነቲ ዘይፈጸምዎ ጉዳይ ከምዝወዓልዎ ኣመኑ። ንሱ ከይኣክል፡ ሓደ ካብኣቶም፡ "ኪዳን ህዳድ ምሳና'ዩ" ኢሉ ቃል ሃበ። ኮሎኔል እርዳቸው ናብ ጀነራል ተድላ ዑቕቢት ተሌፎን ደዊሉ "እቲ ቀዳማይ ክሱስ፡ ወተሃደር ኪዳን ህዳድ ምሳና እዩ ይብል ኣሎ" ኢሉ ክዛረቦ ከሎ ኣጋጣሚ ኪዳን ባዕሉ ብእዝኑ ሰምዖ።

ኪዳን፡ በቲ ኩነታት እናተሻቐለ ከሎ፡ ኣብ ሳልሰይቲ መዓልቲ ናይቲ ስርሒት፡ ሓደ ካብቶም ፈጸምቲ ናይቲ መጥቃዕቲ ግንድፍል ክዳን ሲቪል ለቢሱ ናብ መደበር ፖሊስ ብምምጻእ፡ ነቲ ዋርድያ ዝጸንሖ ንኪዳን ጸውዓለይ በሎ። ኪዳን ሽዑ ዝተዘራረብዎ ክገልጽ ከሎ፦

"ንግንድፍል 'ኣብዚ ኩሎም ወተሃደራት ተኣኪቦም ወጥሪ ሰፊኑሉ ዘሎ ህሞት እንታይ ደሊኻ መጺእካ' ምስ በልኩዎ፡ 'ዑመር እዛዝ ክረኽበካ ደልዩ ኣብታ ትራኸቡላ (ዓዲ ድርቂ) ይጽበየካ ኣሎ' ኢሉኒ። ምሸት ንዑመር ምስ ረኸብኩዎ፡ መጀመርያ እቲ ዝተገብረ ስርሒት ዝያዳ ንሰላማዊ ህዝቢ ግዳይ ከም ዝገበረ ካልኣይ ድማ ኣነ ስለ ዝተፈለጥኩ ክጋደል ከም ዝወሰንኩ ገሊጸኩሉ። ዑመር ግን 'ኣነ ካብ ኅቦ ደብረሳላ ሓበሬታ መታን ክትህበኒ እናተሓባእኩ እዚ ኩሉ መንገዲ መጺኣስ ከምዚ ክትብለኒ፧ መጀመርታ ስለምንታይ ዲኻ ኣቲኻ፧ ክትመወት እንዲኻ ኣቲኻ፡ ብክእለትካ ብመልሓስካ ጌርካ እንተወጻእካ ጽቡቕ፡ እንተተሓዚካ ከኣ ምእንቲ ሃገርካ ትመውት፡ ክሳብ ዝኣስሩኻ ግን ኣይትወጽእን ኢኻ ብምባል ከልኣኒ" ይብል።

ድሕሪ ሰሙን ናይቲ ፍጻመ፡ 'ኪዳን ናብ ኣውራጃ ኣከለጉዛይ ተቐዪርካ' ትብል ወረቐት መጽኣቶ። 'ካብ ተሰነይ ትማሊ'ዶ ኣይኮንኩን ዝመጻእኩ' እኳ እንተበለ 'ትእዛዝ'ዩ' ተባሂሉ ንዓዲቐይሕ ካብኡ ድማ ንሰንሓይቲ ምስ ካልኦት ኣርባዕተ ጥርጡራት ፖሊስ ተጠረዘ። ድሕሪ ገለ ግዜ ድማ፡ ተኣሲሩ ካብ ሰንሓይቲ ናብ ኣስመራ ተላእከ።

"ኣብ ሸቓቕ ኣቲኻ ከምዚ ሸንካ ጥራሕ ኣይብሉኒን እምበር ብዙሕ ጭብጥታት ኣቕሪቦምለይ። ካብቲ ብዙሕ ግን ክልተ ነጥብታት ነቲ ክሲ ውድቒ ገይረንኦ። ቀዳመይቲ እቲ 'ኪዳን ምሳና እዩ' ዝበለ ክሱስ 'ኪዳን ሓዳር የብሉን፡ ኩሉ ህይወቱ ንጀብሃ ምስራሕ ጥራሕ'ዩ' ኢሉ ነይሩ። ኣነ ግን ኣብቲ ግዜ'ቲ ብዓል ሓዳርን ኣቦ ሰለስተን እየ ነይረ። ሓዳር ከም ዘለኒ ጭብጢ ኣቕሪበ ድማ ነቲ ዝምርምረኒ ዝነበረ ኮሎኔል 'ሕጂ ንሰኻ መታን ክትሓስም፡ ኮሎኔል እርዳቸው ምሳና'ዩ እንተበልኩ መንግስቲ ክትኣስረካ'ያ ማለት ድዩ?' ኢለዮ። 'እዚ ሰብ'ዚ ንዓይ ክሕስም ኢሉ እዩ እምበር ኣይፈልጠንን'ዩ' ብምባል ከኣ ክሒደ። ካልእ 'ካብ ሱዳን ብዕረፍቲ ዝመጹ ሰለስተ ኤርትራውያን ዓስከር ሱዳን ኣባላት ጀብሃ ምስኦም ሻሂ ሰቲኻ' ተባሂለ። ኣነ ድማ 'እወ ሰትየ፡ እዞም ሰባት ኣባይ ኢዶም ሕሉፍ'ዩ፡ ካብ ተሰነይ ብስራሕ መንግስቲ ንሱዳን (ገበን ፈጺሞም ንዘሃደሙ ክደልዩ) ክንልኣኽ ከለና፡ መንግስትና ትህበና ገንዘብ እኹል ስለዘይነበረ፡ ንሶም እዮም ዘዛውሩኒ ዘብልዑንን ዘስትዩኒን ነይሮም። ኣጋጣሚ ሰበይተይ ከረን ስለዝነበረት እምበር ገዛ ወሲደ'ውን መምሳሕኩዎም። ክትፈልጥ ከኣ ሻሂ ጥራሕ ኣይኮንኩን ኣስትየዮም፡ እቲ ሓሳዊ ናትኩም ኣይረኣየናን እምበር ናብታ ዝበለጸት ቤት መግቢ ሸባኒ ወሲደ'ውን ኣምሲሐዮምየ' ኢለዮ። . . . በዘን ክልተ ነጥብታት ከኣ እቲ ክሲ ፈሺሉ። ሽዑ መዓልቲ ኩሎም ኮሎኔላት ጀነራል ተድላ ዑቕቢት ከይተረፈ 'ጀብሃ ሒዝና' ኢሎም ተሓጒሶም ውጽኢት መርመራ ክጽበዩ ዝወዓሉ፡ ኮሎኔል እርዳቸው 'ኩሉ ዝሰራሕናዮ ኪዳን ፋሕ ኣቢሉዎ' ኢሉዎም። ዘይርሰዓኒ ናጻ ምስ ተባሃልኩ፡ ጸሓፊ ናይ ጀነራል ተድላ ዝነበረ ተሰፉይ ዝበሃል ወዲ፡ 'ንሰኻ እንተደኣ ናጻ ወጺእካ ኤርትራ ናጽነታ ክትወስድ'ያ ኢሉ፡ ኣብ'ቲ ኦፊስ ሓቝፉ ሰዒሙኒ። ኩሉ'ቲ ኣነ ዝተኸሰስኩሉ ብእኡ ስለዝሓለፈ ይፈልጦ'ዩ። ኣነ ድማ ውዱብ ምዃኑ ስለ ዘይፈልጦ ግደፍ ከይተእስረኒ ሕጂ'ውን ኣነ ዝፈልጦ የብለይን ኢለዮ። እቶም ክልተ ክሱሳት ግን ዳሕራይ ብዘይገበሩዎ ናብ ኣቑርደት ተወሲዶም ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ተሓኒቖም።"

ኪዳን ካብ ማእሰርቲ'ኳ እንተድሓነ፡ ካብ ቦታ ናብ ቦታ እናተቐየረ፡ ክሳብ ዓሰብ ተንከራተተ። ኣብ ዝኸዶ ከኣ ምስ ጀብሃ ምትሕብባርን ብፖለቲካ ንዝተኣሰሩ ምሕጋዝን ኣየቋረጸን። እቲ ጥርጣረ ኣብ ዝባኑ ስለዝነበረ ድማ፡ ንነዊሕ ዓመታት ኣገልጊሉ ኩብቅዑ፡ ካብ መዓርግ ኮነ ዕብየት ርሑቕ ነበረ። ኣብ መጨረሽታ ግን ሜላ ምሂዙ። መኪና ተማሂሩ ኣውቲስታ ናይ ፖሊስ ኣምቡላንስ ኮነ።

ኣቦይ ኪዳን ኣብ መፋርቕ ሰብዓታት ስድራቤቱ ሒዙ ንሱዳን ተሰደ። ኣብ ሱዳን እውን ዝከኣሎ ዘበለ ንሰውራ የበርክት ነበረ። ካብቶም ምስኡ ተረፎም ዝነበሩ ክልተ ደቁ ድማ፡



ኪዳን ህዳድ

ኣሰር ዓበይቲ ኣሕዋቶም ስዒቦም ንሰውራ ተጸንበሩ። ኣቦይ ኪዳን ኣብቲ ግዜ'ቲ፡ "ንደቀይ ጀርመን ናቶም ሳሕል'ዩ" ይብል ምንባሩ ፈለጥቱ የዘንትዉ።

ኣብ 1991፡ እታ ምስ ውሑዳት ብጾቱ ኮይኑ፡ ኣብ ጸልማት ዝረኣያ ጩራ ናጽነት፡ ድሕሪ ሰላሳ ዓመት መሊኣ በሪቓ። ድሕሪ ነጻነት፡ ንሱዳንን ኤርትራን እናተመላለሰ ህይወቱ ኣብ ዝመርሓሉ ዝነበረ፡ ብ1994 ነቲ ኣብ ግዜ ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ፡ ምስ መሓመድ ሱሌማን እኩድ ኮይኖም ዝሰርሑዎ ስርሒት፡ ብሓባር ኮይኖም ጽሒፎም፡ ብድምጺ ሓፋሽ ከቃልሕዎ ብምሕሳብ ኩሉ እቲ ፖሊስ ከሎ መዓልታዊ ዝሰንዶ ዝነበረ ዶክመንትታት ሒዙ ንሱዳን ከደ። እንተኾነ ዝምድና ሱዳንን ኤርትራን ተበላሺዩ 'ሻዕብያ' ኢኹም ተባሂሎም ንእሽቶ ወዱ ንኪዳን ክእሰር ከሎ፡ ኩሉ ዶክመንትታት ኣቦይ ኪዳን ከኣ ብጸጥታ ሱዳን ተቓጺሉ። እዛ ፍጻመ'ዚኣ ነቦይ ኪዳን ኣብ ህይወት ዘመኑ ኣዝዩን ካብ ዘጉሃይኦ ፍጻመታት ሓንቲ ነበረት።

ኣቦይ ኪዳን ህዳድ፡ ደቂ ህልዋትን ሰዉኣትን ደቁ ርእዩ ብ27 ጥሪ 2021 ኣብ መበል 93 ዓመቱ ዓሪፉ። ኣብ ከረን መጋርሕ ድማ ሓመድ ኣዳም ለቢሱ። ኣቦይ ኪዳን ወረጃን ለባምን፡ ኣብ ብዙሕ ጉዳያት ከኣ ኣላዪ ሽማግለ'ዩ ነይሩ። ብፍሉይ ካብ ዝልለየሉ ባህርያት ድማ ትብዓትን ሓቅነትን እዩ። ብዛዕባ ትብዓቱ፡ እቲ ኣብ ግዜ ምጅማር ብረታዊ ቃልስን ድሕሪኡን ዝነበረ ታሪኹ ስለዝገልጾ፡ ብዛዕባ ሓቅነቱ ክልተ ነጥብታት ክንጠቅስ።

ኣብ 2013 ተመራማሪ ታሪኽ ኣለምሰገድ ተስፋይ 'ገለ ሰባት ኪዳን ወረቐት ጽሒፉ ይህበና'ሞ ንሕና ድማ ንሓምድ እድሪስ ዓዋተ ናብታ ኣቐዲምና ምስኡ ዝተሰማማዕናላ ቦታ ነቐምጠሉ ነይርና ዝብሉ ኣለዉ' ኢሉ ምስ ተወከሶ 'ኣብ ኤርትራ ዘይተቓለሰ የለን። እዚ ግን ኣበርኪትና ወይ ተቓሊስና ንምባል እዩ እምበር፡ ኣነ ንሓምድ ብዘይካ ብመንገዲ መሓመድ ሱሌማን እኩድ (ክሳብ ሎሚ 2021 ብህይወት ዘሎ) ብኻልእ ብዝኾነ ሰብ ገይረ ሰዲደሉ ኣይፈልጥን' ብምባል መልሲ ሃበ።

ብዘይካ'ዚ፡ ብዙሓት ገዳይም ተጋደልቲ ከም ብዓል መሓመድ ዑመር ዓብደላ (ኣቡ ጥያራ) ከይተረፉ ኣብቲ ምስ ጀርመናዊ ተመራማሪ ጉንተር ሹሮደር ዝገበሩዎ ቃለ መጠየቓት፡ "ኪዳን ህዳድ ዝበሃል ፖሊስ ዓርኩ ንሓምድ፡ ክኣስሩኻ ይደልዩ ስለዘለዉ ንበረኻ ውጻእ ኢሉዎ" ኢሎም የዘንትዉ እዮም። ኪዳን ግን ከምኡ ኣይኮነን ብምባል ነቲ ሓበሬታ መኣረምታ ሂቡሉ እዩ። ኪዳን፡ ዋላ ኩሉ ሰብ ገይርካዮ እንተበሎ ብዘይወዓሎ ዝንዖት ሰብ ኣይነበረን። "ኣነ፡ 'ዝተፈልጠ ምስጢር የለን፡ ናብራኻ ኣይትብትን፡ ህድእ በል' ኢለዮ እምበር ውጻእ ኣይበልኩዎን። ኣነ ንባዕለይ ሓምድ በረኻ ከም ዝወጸ ኣብ በረኻ ከለኹ'የ ፈሊጠ" ብምባል ናይ ቅድም ፍልጠትና ኮነ ናይ ታሪኽ ጽሑፋትና ክንእርም ምዒዱ። ኣቦይ ኪዳን ብዘይካ'ቲ ንሱ ዝተቓለሶን ደቁ ኣብ ቃልሲ ተሳቲፎም በጃ ንክኾኑ ዝተጻወቶ ተራን፡ በቲ ምስ ሓምድ እድሪስ ዓዋተ ዝነበሮ ጥቡቕ ዕርክነት ኣብ ታሪኽ ሓምድ እድሪስ ዓዋተ ዝነበረ ናይ ሓበሬታ ክፍተት ብምምላእ ዓቢ ውዕለት ገይሩ እዩ። ዛንታ ኣቦታት ሰውራ ዝኾኑ ሓምድ እድሪስ ዓዋተ ይኹን ኪዳን ህዳድ ከኣ ወትሩ ክዝከር ክኑበር'ዩ።

### መወከሲ

1. መጽሓፍ ሓምድ እድሪስ ዓዋተ 1915-1962 ብሃይለስላሰ ወልዱ 2. ቃለ መጠይቕ ኪዳን ህዳድ 2006 (ከረን) ብጋዜጠኛ ኢሳቕ መሓሪ 3. ቃለ መጠይቕ ኪዳን ህዳድ 2013 (ከረን) ብኣለምሰገድ ተስፋይ 4. ቃለ መጠይቕ ኪዳን ህዳድ 2018 ( ከረን) ብነጸረኣብ ኣዛዚ 5. ቃለ መጠይቕ መሓመድ ሱሌማን እኩድ 2018 (ግርባ- ሱዳን) ብነጸረኣብ ኣዛዚ

- - - - - - - - - - - - - - - -

### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:05 | ዘዋሪት ካሜራ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:45 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ጩራ ጥዕና |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ባህላዊ መደብ ብኣጋጣሚ ባሕቲ መስከረም |
| 14:00 | ሄራር |
| 15:30 | መቓልሕ መንእሰያት |
| 16:15 | ሞዛይክ 1ይ |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፌ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ሞዛይክ 2ይ |
| 19:25 | ፊልም እትመት |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ገለብ ደሓን ቀጥታ |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ፊልም ሳዉን |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ጽባቐ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | ፊልም እንዳ ዝማም |

# ስፖርት

መርሃዊ ገብረሚካኤል

## ደቡብ፡ ውድድር ኩዕሶ ሰኪዐት ይካየድ ኣሎ

ፈደረሽን ኩዕሶ ሰከዐት ዞባ ደቡብ፡ ብምኽንያት እያብልዩ ምምስራት ቤት ትምህርቲ ሰውራ ኣብ መንጎ ንኡሳን ዞባታት ዝወደቦ ግጥማት ብ31 ኑሓሰ ኣብ ከተማ መንደፈራ ፈሊሙ።



ዛጊት ተኻይዱ ኣብ ዘሎ ውድድራት ደማ እዚ ዝስዕብ ወጽኢት ተረኺቡ ኣሎ። ኣብ ደቂ ተባዕትዮ ጋንታ ዓረርብ ዓዲ ቐይሕ ንጋንታ ዊና ዓዲ ኳላ 65-ብ52፡ እምባልዳይ ደቀምሓረ ንኣሶማጥ ሰገዲ ብፎርፋይት 48-ብ57፡ ዜሮ ሰኪይቲ ንሳትረብ ደባርዋ 65-ብ63፡ ወግረት መንደፈራ ንጹብራ ዓረዛ 51-ብ15፡ እምባልዳይ ደቀምሓረ ንዓረርብ ዓዲ ቐይሕ 75-ብ69 ተዓዊተናለን። ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ጋንታ ዊና ዓዲ ኳላ ንኣሶማጥ ሰገዲ 43-ብ40፡ ጋንታ ወግረት መንደፈራ ንእምባልዳይ ደቀምሓረ 34-ብ47፡ ዊና ዓዲ ኳላ ንዜሮ ሰኪይቲ ደማ 36-ብ26 ስዒረንአን።

ሓደ መስከረም ኣብ ዝተሰረዐ ግጥማት ዝተረኽበ ወጽኢት ድማ፡ ደቂ ተባዕትዮ ኣሶማጥ ሰገዲ ንሳትረብ ደባርዋ 61-ብ50፡ ዊና ዓዲ ኳላ ንጹብራ ዓረዛ 44-ብ36፡ ዓረርብ ዓዲ ቐይሕ ንወግረት መንደፈራ 71-ብ59፡ እምባልዳይ ደቀምሓረ ንዜሮ ሰኪይቲ 75-ብ59፡ ኣሶማጥ ሰገዲ ንዊና ዓዲ ኳላ 81-ብ55 ክዕወታለን ከለዋ፡ ደቂ ኣንስትዮ እምባልዳይ ደቀምሓረ ንዜሮ ሰኪይቲ 47-ብ42፡ ሳትረብ ደባርዋ ንኣሶማጥ ሰገዲ 41-ብ40፡ ዓረርብ ዓዲ ቐይሕ ንዊና ዓዲ ኳላ 37-ብ31 ከምኡ'ውን ሳትረብ ደባርዋ ንጋንታ እምባልዳይ ደቀምሓረ 52-ብ24 ስዒረንአን።

እዚ ንሸሞንተ ጋንታታት ደቂ ተባዕትዮን ሸውዓተ ጋንታታት ደቂ ኣንስትዮን ብምስታፍ ዝካየድ ዘሎ ውድድር፡ ክሳብ 6 መስከረም ክቕጽል ምዃኑ ካብ'ቲ ፈደረሽን ዝተረኽበ ሓበሬታ የረድእ።

## ማን ሲቲን ሓደስቲ ኣከፋፈልታን




ማንቸስተር ሲቲ ኣብዚ ዝተዛዘመ መስርሕ ምስግጋር ተጻወትቲ ንመስመር ምክፍፋላ ብሓደሽ ቅዲ ንምሕዳሱ ዘውጽኦቶ ገንዘብ፡ ኣብ መድረኽ ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ክብረ ወሰን ሓዙ'ሎ። ሓደሽ ኣሰልጣኒ ሲቲ ኢንዞ ማረስካ ካብ ፐፕ ጋርዲዮላ መዝቡት ድሕሪ ምቕባሉ፡ ኣብቲ ናይ ምስግጋር ወቕቲ ተጻወትቲ ክገዝእን ክሸይጥን ደገፍ ዳይረክተር ናይ'ታ ክለብ ሁጎ ቪያና ምርካቡ ሰዒቡ ዝተራእዩ ካብ ናብ ናይ ምስግጋር እዋን ድማ'ዩ ዛ ክለብ ክብረ ወሰን ክትሕዝ ኣኽኢሉዋ።

ብሓፈሻ ሲቲ ንሓፈሻዊ ጸገማ ኣስታት 458 ሚልዮን ፓውንድ ወጻኢታት ገይራ። ኣብ ማእከል ሜዳ ንምኩራት ተጻወትታ ንሓለቓ ጋንታ ነበር በርናርዶ ሰልቫ ንተዓዋቲ ባሎን ዲኦር 2024 ሮድሪ ቲጃኒ ራይንደርስን ኒኮ ጎንዛለዝን ዘፋነወት ሲቲ፡ ነቲ ድሕሪ ምኻዶም ዘይማእመአ መስመራ ንምሕያል ከቢድ ወጻኢታት ከምዝኸፈደት ይነገር። ዋላ'ኳ ሓያል ጎድኒ ማንቸስተር ሲቲ ድሕሪ ጥሪ 2025 ኣይጥዓምን፡ ማረስካ ግና ቀንዲ ኣተኩሮኡ ነቲ ኣብ 2023 ሻምፕዮን ክለብት ዓዲ እንግሊዝ ንምዃን ኣኽኢሉዋ ዝነበረ ብቕዓትን ሓያል ናይ ተወዳዳርነት ወኒን ዳግማይ ናብ ንቡር ብምምላስ፡ መዘና ኣልቦ ጋንታ ንምግባራ ዝዓለመ ምዃኑ ክኢላታት ስፖርት ይገልጹ።

ኣብ ኢስታንቡል ንኢንተር ሚላን ሰዒራ ጸዋእ ሻምፕዮንስ ሊግ 2023 ካብ ዘልዓሉ 11 ብሉጻት ተጻወትታ ኣርባዕተ ኣብ ቀዋሚ፡ ኣርባዕተ ድማ ኣብ መዝነር ተቐዋርቲ ሓቐፋ ትግዓዝ ዘላ ሲቲ፡ ሒዛቶ ዘላ ኣቃውማ ካብ ዝሓለፈ ዓመት ስፖርት ኣጸቢቑ ከምዝሓየሸ ይእመት። እዚ ከምዚ'ኢሉ እንከሎ ግና ኣብዛ ጋንታ ዘይተመለሱ ዛዕባታት ተሳዒሎም ኣለው። "ሲቲ ክብረወሰን ዝሓዘ ወጻኢታት ብምኽፋል ዘምጸኦቶም ሓደስቲ ኣከፋፈልቲ፡ ምስ ቅዲ ኣጸዋውታ ናይታ ጋንታን ማረስካን ክሰማምዑ ይኽእሉዶ?" ዝብል እዩ። ይኹን እምበር ኣብዚ ዛጊት ዝፍልም ዘሎ ጸወታታት ጥራይ ተዓዚብካ ሲቲ ድሕሪ ጓርድዮላ ኣይጠየማን ወይ'ውን ምምጻእ ኢንዞ ማረስካ ንስርዓት ኣካይዳ ናይዛ ጋንታ ምሉእ ብምሉእ ከጽንዮ ግዜ ዘድልዮ እምበር፡ ንዓወት ትብቅዕ ጋንታ ኣብ ምህናጽ የለን ኢልካ ክትደምድም ዘደፍር ዘይምዃኑ ንሲቲ እዚ ወቕቲ ከቢድን ፈታኒን ክኾና ከምዝኽእል ይሕበር። ኣብ ቸልሲ ምስ ማረስካ ዝበረ ኢንዞ ፈርናንደዝ ናብ ኢትሓድ ተጸንቢሩ ኣብ ዘለወሉ ግዜ፡ ኣብ ቅዲ ማረስካ ክርዕም ዘይጽገም ገይሩዎ ኣሎ።

## ዞቦስላይ ከም የማናይ ተኸላኻላይ

ጄሚ ካራገር፡ ኣሰልጣኒ ሊቨርፑል ኣንዶኒ ኢራኦላ ምስ ምክትል ሓለቓ ጋንታኡ ዶሚኒክ ዞቦስላይ ብምርድዳእ፡ ነቲ ተጻዋታይ ናብ የማናይ ተኸላኻላይ ክስጋገር ከም ዘለዎ ኣተሓሳሰበ።

ሊቨርፑል ኣብዚ ክራማት ናይ ምስግጋር ወቕቲ ዝኾነ ተኸላኻላይ ከተፈርም ስለ ዘይምኸኣሉ፡ "ዝዓበየ ጌጋ" ክብል ዝገለጸ ካራገር፡ ኢራኦላ ነዚ ኣብ ማእከል ሜዳ ዓንዲ ብምዃን ጸቡቕ ምንቅስቓስ ዘርእየት ሃንጋርያዊ ተኸላኻላይ፡ ኣብ የማናይ ምክልኻል ብምስላፍ ነቲ ዘሎ ሃጓፍ ክዕብሶ ከም ዝኽእል'ዩ ዝኣምን።

ኣንዶኒ ኢራኦላ ምስቲ ሰሙናዊ 350 ሽሕ ፓውንድ ዝኸፈል ዶሚኒክ ዞቦስላይ ኣብ ናይ ሓብር ስምምዕ ክበጽሕ ዝኽእል ዝርርብ ብምኻያድ፡ ነቲ ኣብታ ጋንታ ተፈጢሩ ዘሎ ህውከት መደበስታ ክገብረሉ ከም ዘለዎ ዝገለጸ ካራገር፡ እዚ ወዲ 25 ዓመት ኣብ ዝሓለፈ ሰንበት ኣንጻር ኖቲንግሃም ፎረስት ኣብ ዝተኻየደ ግጥም፡ ኣብ ካልኣይ እብረ ነቲ ንሱ ዝጠልቦ ዘሎ ማለት ናይ የማን ተኸላኻላይ ክሸፍና ጸገም ከምዘይብሉ ብግብሪ ከምዘርኣየ ሓቢሩ።



ካራገር፡ ድሕሪ'ቲ ሊቨርፑል ኣብ ክልተኡ ጸወታታት ፕሪመር ሊግ ማዕረ ዝተፈላለየትሉ ግጥም፡ ዞቦስላይ ቀዋሚ ናይ የማን ተኸላኻላይ ተራ ክወስዶን 100 ሚእታዊት ከደምዕ'ውን ከም ዝኽእል ብምምጓት፡ ዞቦስላይ ንኣንዶኒ ኢራኦላ ዕድል ክፈጥረሉ ከምዝኽእል ምስ ስቲክ ፉትቦል ኣብ ዝገበሮ መግለጺ ኣረዲኡ።

ዞቦስላይ፡ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ማእከል ሜዳ ብዘርኣዮ መስተንክር ብቕዓት፡ ብሉጽ ተጻዋታይ ሊቨርፑል ተባሂሉ ድሕሪ ምሽላሙ፡ ኣብዚ ክራማት ንሰሙን 350 ሽሕ ፓውንድ እናተኸፍሎ ክሳብ ሰነ 2030 ዝጸንሕ ሓደሽ ውዕል ምኽታሙ ይዝከር።

ሊቨርፑል ንኣሌክሳንደር ኣርኖልድ ዝሓለፈ ክራማት ናብ ርያል ማድሪድ ካብ ትሰድድ ንደሓር ከምኡ'ውን ተኸላኸልታ ኮኖር ብራድሊ ብምሕራሙ፡ ጀረሚ ፍሪምፖንግ'ውን እንተ ኾነ ጉዳ ናብ ብቕዓት ክምለስ ተጸጊሙሉ ኣብ ዘሎ ግዜ፡ ኣብ የማናይ መስመር ምክልኻላ ርኡይ ጸገም ገጢሙዋ ምህላዉ ይሕበር።

## ፌደረሽን ሰደቓ ቴኒስ ኤርትራ ስልጠና ክብርታት ኦሊምፒክ ኣካይዱ

ሃገራዊ ፈደረሽን ሰደቓ ቴኒስ ኤርትራ ምስ ሃገራዊ ኮሚቴ ኦሎምፒክ ኤርትራ ብምትሕብባር ካብ 24 ክሳብ 30 ኑሓሰ 2026 ንክብርታት ኦሊምፒክ ዝምልከት ስልጠና ንመንእሰያት ኣካይዱ።

ኣብቲ ካብ ኩለን ዞባታት ዝተዋጽኡ ኣስታት 20 ስፖርታውያን መንእሰያት ዝተሳተፉዎ ስልጠና፡ ክልሰ-ሓሳብን ግብራዊን ንጥፈታት ዘጠቓለለ ኮይኑ፡ ንታሪኻዊ ኣመሰራርታ፡ ፍልስፍናን ክብርታትን፡ ትርጉም ኣርማ ውድድራት ኦሊምፒክን ካልእን ኣብ ዝምልከቱ ሰፋሕቲ ኣርእስትታት ብክኢላታት ፈደረሽን ሰደቓ ቴኒስ ኤርትራን ኮሚቴ ኦሎምፒክን ተዋሂቡ።

ፕረዚደንት ሃገራዊ ፈደረሽን ሰደቓ ቴኒስ ኤርትራ ኢንጅ. ኣሕመዲን መሓመድ-ሓጎስን ኣባል ፈጻሚ ኣካል ሃገራዊ ኮሚቴ ኦሎምፒክ ኤርትራ ኣቶ ገብረትንሳኤ ዳምርን ኣብ ኣደራሽ ጂምናዝዩም ደምበ ስምባል ኣብ ዝተኣንገደ ናይ መዛዘሚ ቃል፡ እቲ መደብ ኣካል ናይቲ ዓመታዊ ብኮሚቴ ኦሎምፒክ ኤርትራ ዝካየድ ኣፍልጦ ክብርታት ኦሊምፒዝም ናይ ምዕባይ መደብ ምዃኑ ብምግላጽ፡ ሰልጠንቲ ዝቐሰምዎ ኣፍልጦ ኣብ ስፖርታዊ ህይወቶም ክጥቀሙሉን ናብ ካልኦት ተኻእቲ ስፖርታውያን ከሰጋግርዎን ብምልባው፡ ደገፍን ምክትታልን ከም ዘይፍለዮም ገሊጾም።



ሰልጠንቲ ብዮጉዲኦም ንዝቐሰምዎ ስልጠና ዘርኢ. መብርሂታት ከቕርቡ እንከለው፡ ኣብ መወዳእታ ድማ ጹበሉታ ዝርኣዩ ስፖርታውያን ናይ መዳልዩ፡ ዋንጫን ወረቐት ምስክርን ተዓዲሎም።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ እቲ ሃገራዊ ፈደረሽን ከም መቐጸልታ ክኢላዊ ዓቕሚ ናይቲ ዓውዲ ስፖርት ንምምዕባል ዘካይዶ ዘሎ ስራሓት፡ ካብ 31 ኑሓሰ 2026 ጀሚሩ ንሓደ ሰሙን ቀዳማይ ደረጃ ናይ ኣሰልጣኛት ስልጠና (Level one coaching course) ይህብ ኣሎ። ኣብዚ ካብ ኩለን ዞባታት፡ ሳዕለዎት ትካላት ትምህርቲ፡ ሚኒስትሪታት ትምህርቲ፡ ምክልኻልን ሕርሻን ዝተዋጽኡ 11 ደቀንስትዮ ዝርከብኦም 30 ሰልጠንቲ ይሳተፉዎ ኣለው።

እዚ ተኻእቲ ሰልጠንቲን ናይ ምስልጣን ዕማምን ኣጥሚሩ ዝካየድ መደብ፡ ብኢንስትራክተር ስልጠና ዓለማዊ ማሕበር ሰደቓ ቴኒስ ITTF ቦትስዋናዊ ኬይትሰንግ ካሊቦጋ ይውሃብ ከም ዘሎ ህዝባዊ ርክባት ሓቢሩ።

## ውድድር ሃገራዊ ፈደረሽን ቸስ ኤርትራ ፈሊሙ

ሃገራዊ ፈደረሽን ቸስ ኤርትራ ዓመታዊ ዘካይዶ ሽዱሽተ ዞባታትን ዞባ ሳዋን ሚኒስትሪ ምክልኻልን ዘሳተፈ ሃገራዊ ውድድር ቸስ፡ ሰለስ ሓደ መስከረም ኣብ ኣደራሽ ኣፍሪቃ ኦሎምፒክ ጥቓ ስታድዩም ኣስመራ የካይድ ኣሎ።

እቲ ብዕድመ ንኹሉ ዘሳተፈ ሃገራዊ ውድድር፡ ካብ ዝሓለፈ ዓመት ፍልይ ዝበሎ ተሳታፍነት ኩለን ዞባታት ዝተራእየሉ ብምዃኑ፡ ንዕብየት ናይ'ቲ ውድድር ሓጋዚ ምዃኑ ተገሊጹ። ኣብዚ ክሳብ ዕለት ትሸዓተ መስከረም ዝቕጽል ውድድር 40 ደቂ ኣንስትዮ ዝርከብኦም 90 ተወዳደርቲ ይሳተፍዎ ምህላዎም፡ ዋና ጸሓፊ ናይ'ቲ ፈደረሽን ኣቶ ዓብደላ መሓመድ ሓቢሩ።

## ሞሪኖ ንመሲ ንኢዱ

ኣሰልጣኒ ሪያል ማድሪድ ሀዜ ሞሪኖ፡ ኮኾብ ተጻዋታይ ዓለም ኣርጀንቲናዊ ሊዮኔል መሲ ካብ ኣህጉራዊ ጸወታታት ጥሮታ ከም ዝወጸእ ኣብዚ ሰሙን ድሕሪ ምግላጹ፡ መሲ ዘይብሉ ጸወታ ክትዕዘብ ከቢድ ምዃኑ ገሊጹ።

ወዲ 39 ዓመት ተዓዋቲ ዋንጫ ዓለም 2022 መሲ፡ ኣብቲ ሞሪኖ ንማድሪድ ዝዕልመሉ ዝነበረ 2010 ከምኡ'ውን 2013 ኣንጻር ማድሪድ ኣብ ግጥም ኤል ክላሲኮ ዝተፈጥረ ፍሕፍሕ፡ በዚ ፖርቱጋላዊ ኣሰልጣኒ ተፈታውነቱ መሪት ዘቢጡ ምንባሩ እዩ ዝንገር።




ሞሪኖ ትማሊ ሓሙስ ብዘዕባ ምውጻእ መሲ ካብ ኣህጉራዊ መድረኽ ምስ ተሓተተ ኣብ ዝሃቦ ጋዜጣዊ መግለጺ፡ "ከም ተጻዋታይ ዘለዎ ብቕዓት ዝገልጽ ቃላት የለን። እዚ ተጻዋታይ ኣብዘን ዝሓለፋ ክልተ ዕቝድ፡ ንወለዶና እንታይ ከም ዝውክል ኩላትና ንፈልጦ ኢና። ወትሩ ክንናፍቖ ዝግበኣና ተጻዋታይ ድማ'ዩ" ብምባል ክብሪ ብዘለዎም ቃላት ንኢዱ።

### መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

**ፕሪመር ሊግ**
ኢፒስዊች ታውን - ሊቨርፑል 10፡00 ድ.ቀ

**ላሊጋ**
ሪያል ቤትስ - ሪያል ማድሪድ 10፡00 ድ.ቀ

**ሴሪኣ**
ጀኖቫ - ኮሞ 9፡45 ድ.ቀ

**ቡንደስ ሊጋ**
ሽቱትጋርት - ኮልን 9፡30 ድ.ቐ

# ዜና ዓለም

ሸዊት ተኽለ

## ኣመሪካ፡ ንኢራን ተጠንቀቐ



ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ሃገሩ ኣብ ዝኾነ እዋን ኣብ ልዕሊ ኢራን ተወሳኺ ወተሃደራዊ መጥቃዕቲ ክትፍጽም ከም እትኽእል ኣጠንቂቑ።

ትራምፕ ነዚ መጠንቀቕታ'ዚ ዝሃበ ብዘሒ ናይቶም ኣብ ዝሓለፈ ሳልስቲ ብመጥቃዕቲ ኣመሪካ ዝተቐትሉ ኢራናውያን 18 በጺሑ ምህላዉ ኣብ ዝግለጸሉ ዘሎ እዋን እዩ።

ብዘይካ'ዚ፡ ቡቲ መጥቃዕትታት ብውሕዱ ካልኦት 108 ሰባት ቆሲሎም ከም ዘለዉ ተሓቢሩ።

ኣመሪካ፡ ዝሓለፈ ሰሉስ ኣብ ደቡባዊ ገማግም ባሕሪ ኢራን፡ ኣብ ጥቓ'ቲ ተዓጽዩ ዝርከብ መጻብቦ ሆርሙዝ ኣብ ዝርከብ ኩተማታትን ካልእ ከባቢታትን፡ ከምኡ'ውን ኣብ ኩተማ ኩሄስታክ ኣብ ልዕሊ ዝነበረ ዝከበረ ናይ መርዓ ስነ ስርዓት መጥቃዕቲ ከም ዝፈጸመት ዝዘከር እዩ።

ማእከላይ እዚ ኣመሪካ (ሴንቲኮም)፡ እቲ መጥቃዕትታት፡ ሓይልታት ሓለዋ ሰውራ ኢራን ኣብ'ዚ ቀረባ እዋን ኣብ መጻብቦ ሆርሙዝ ንዝርከባ ግዳውያን መራኽብ ከጥቅዐ ድሕሪ ምፍታኖም ስዒቡ ዝተፈጸመ ከም ዝኾነ ኣፍሊጡ።

በዚ ድማ፡ ሓለዋ ሰውራ ኢራን፡ ኣመሪካ ብዘፈጸመቶም መጥቃዕትታት ከም ትጠዓስ ብምጥንቃቕ፡ ኣብ የርዳኖስ፡ ኩዌትን ባሕሬንን ኣብ ልዕሊ ዝርከቡ ወተሃደራዊ መዓስከራት ናይታ ሃገር መጥቃዕትታት ከም ዝፈጸመ ኣይርሳዕን።

## ሩስያ፡ ንተግባራት ዩክሬን ትኹንን

ንሲቪላውያን መራኽብን ኤርትን ሩስያ ዒላማ ወተሃደራዊ መጥቃዕቲ ምግባር፡ ካብ ተግባራት ግብረ ሽበራ ፈሊኻ ክርኣ ዘይክኣል ምዃኑ፡ ፕረዚደንት ሩስያ ቭላድሚር ፑቲን ሓቢሩ።



ፕረዚደንት ፑቲን፡ ትማሊ ሰሉስ ኣብ ቭላዲቮስቶክ ኣብ ዝተኻየደ መድረኽ ቁጠባ ሃገራት ምብራቕ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ኣብ ዝሓለፈ ቀረባ እዋን ብዩክሬን ዝተታሕዘ ሲቪላውያን መራኽብን ወተሃደራዊ መናውራ ዝተፈጸመለን ናይ ጊየሾ ኤርቲን ሃገሩ ከም ዘለዋ ድሕሪ ምምልካት፡ ዩክሬን ካብ ከምዚ ዝበለ ዘይሕጋዊ ተግባራት ክትቀጠብ ኣተሓሳሲቡ።

ንሱ ወሲኹ፡ ዩክሬን ትኽተሎ ዘላ ፖለሲታት ንዝርርብ ሰላም ክልቲኦን ጎረባብቲ ሃገራት ይሓልኽ ከም ዘሎ ኣጠንቂቑ።

ፑቲን ኣብ መወዳእታ፡ "እቶም ነዚ ዘዋቕልቡን ሰቐ ኢሎም ዝዕዘቡ ዘለዉን ኣካላት፡ ተሓባበርቲ ኣህጉራዊ ግብረ ሽበራ እዮም" ብምባል፡ ናብ'ተን ንዩክሬን ዝድግፉ ዘለዋ ምዕራባውያን ሃገራት ዝቐንዐ መጠንቀቕታ ኣመሓላሊፉ።

ኣብ ዝሓለፈ እዋን፡ ፕረዚደንት ዩክሬን ቮሎድሚር ዘለንስኪ፡ ሰማያት ሩስያ ውሑስ ኮይኑ ክኸይድሉ ዝጸንሐ ግዜ ከም ዝበቕዐ ብምግላጽ፡ ንናይ ወጻኢ መንገዲ ኣየራትን ከሊ ኣየር ሩስያ ንዘጥቀማ ሃገራትን ኣመልኪቱ መደረ ኣሰሚዑ ነይሩ።

## ምስሊ ትራምፕ ኣብ ባጤራ ኣመሪካ ተሓቲሙ

ምስሊ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ኣብ ሃገራዊ ባጤራ ኣመሪካ፡ ማለት ኣብ 1 ዶላር ሳንቲም ከም ዝተሓትመ ተሓቢሩ።

በዚ ድማ፡ እቲ ፕረዚደንት፡ ኣብ'ዚ ውሽጢ ሓደ ክፍለ ዘመን ብህይወት ካብ ዘለዉን ካብ ዝሓለፉን መራሕቲ ናይ'ታ ሃገር ውልቃዊ ስእሉ ኣብ ባጤራ ኣመሪካ ዝሕተመ ናይ ፈለማ ፕረዚደንት ኮይኑ ኣሎ።

ቤት ጽሕፈት ክፍሊ ግምጃ ኣመሪካ፡ መበል 250 ዓመት ምምስራት ኣመሪካ ንምጽንባል፡ ነቲ ስእሊ ትራምፕ ዘለዎ ናይ ሓደ ዶላር ሳንቲም፡ "LIBERTY" ከምኡ'ውን "IN GOD WE TRUST" ብዝብል ቃላት ኣሰኒዩ ኣቕሪብዎ ኣሎ።

ይኹን'ምበር፡ እቲ ምስሊ ትራምፕ ዘለዎ ሳንቲም ዛጊት ናብ ዕዳጋ ከም ዘይተዘርግሐ፡ እቲ ቤት ጽሕፈት ወሲኹ ሓቢሩ።

ኣብ 1866 ዝወጸ ዓንቀጽ ፈደራላዊ ሕጊ ናይ'ታ ሃገር፡ ምስሊ ብህይወት ዘሎ ፕረዚደንት ኣብ ባጤራ ኣመሪካ ንኸይቅረጽ ዝኽልክል እኳ እንተኾነ፡ እቲ ስእሊ ትራምፕ ዘለዎ ባጤራ ግና፡ ብምኽንያት ዝኽሪ መበል 250 ዓመት ምምስራት ኣመሪካ ዝተሓትመ ብምዃኑ፡ ትራምፕ ነቲ ሕጊ ክብድሆ ከም ዝኽኣለ ዝገንር ዘሎ።

ፈደራላዊ ሕጊ ኣመሪካ፡ ኣብ ፍሉይ ናይ ዝኽሪ ጽንብላት ወይ'ውን ኣብ ዘይዝውወር ሳንቲም (ኣብ መዓልታዊ ንጥፈታት ዘይውዕል)፡ ምስሊ ህሉዋት መራሕቲ ኣመሪካ ክሕተም ዘፍቅድ ዓንቀጽ ከም ዘለዎ ይሕበር።

ብመሰረት ጸብጻብ ቤት ጽሕፈት ክፍሊ ግምጃ ኣመሪካ፡ እቲ ሓድሽ ሳንቲም፡ 88.5 ሚእታዊት ብሓለስ ዝተሰርሐ ወርቃዊ ሕብሪ ዘውንን ኮይኑ፡ እቲ ዝተረፈ ድማ ብዚንክ፡ ማንጋኒዝን ኒከልን ዝተሰርሐ እዩ።




## "ጽልዋ ኤል ኒኖ ይብእስ ኣሎ፡" ተባሂሉ

ጽልዋ 'ኤል ኒኖ' ብዓለም ደረጃ ጎሊሑ ኣብ ዝረኣየሉ ዘሎ እዋን፡ ዓለምና ናብ ሓደገኛን ጽንኩርን ኩነታት ኣየር ኣትያ ምህላዋ፡ ዋና ጸሓፊ ሕቡራት ሃገራት ኣንቶንዮ ጉተረዝ ኣጠንቂቑ።

ውድብ ሜትሮሎጂ ዓለም ኣብ ዝሓለፈ መዓልታት ብዘውጽኦ ሓድሽ ጸብጻብ መሰረት፡ እቲ ተፈጢሩ ዘሎ ክሊማዊ ምዝባዕ ኣብ ዝሓለፈ 70 ዓመታት ካብ ዝተራእየ ተመሳሳሊ ክስተታት እቲ ዝጸንከረ ኮይኑ፡ እንተ ወሓደ ክሳብ ለካቲት 2027 ክቕጽል ተኽእሎታት ኣሎ።

ኤል ኒኖ፡ ንኩነታት ኣየር መላእ ዓለም ብምቕያር፡ ኣብ ገለ ዞባታት ተርእዮታት ደርቂ፡ ኣብ ገለ ዞባታት ዓለም ድማ ሓያል ህቡባዊ ዝናብን ዕልቕልቕን ክኸሰት ጠንቂ ኮይኑ ከም ዘሎ ይሕበር።

ብዘይካ'ዚ፡ ብሰንኪ ኤል ኒኖ ኣብ ገለ ከባቢታት ዓለም ማዕበላዊ ዋዒ ተኸሲቱ ከም ዘሎን፡ እዚ ድማ ኣብ ርእሲ'ቲ ብንጥፈታት ደቂ ሰብ ዝስዕብ ዘሎ ወሰኽ መጠን ሙቐት ካልእ ተወሳኺ ብድሆ ኮይኑ ምህላዉን ይግለጽ።

ኤል ኒኖ፡ ኣብ ሰላማዊ ውቅያኖስ ዝምዕበል ተርእዮ ኩነታት ኣየር ኮይኑ፡ ላዕለዋይ መጠን ሙቐት ማያዊ ኣካላት ካብ'ቲ ንቡር ብልዕሊ 0.5 ዲግሪ ሰንቲ ግሬድ ክብ ኣብ ዝበለሉን ምዝውዋር ንፋሳት ድማ እናደኸመ ኣብ ዝኸደሉን እዋን ዝኽሰት እዩ።

ኣብ ማእከላይን ምብራቓውን ትሮፒካዊ ሰላማዊ ውቅያኖስ፡ ካብ ዝሓለፈ ኣዋርሕ ኣትሒዙ መጠን ሙቐት ባሕሪ ኣዝዩ ወሲኹ ከም ዘሎ፡ እዚ ድማ ንጹር ምልክት ምሕያል ኤል ኒኖ ምዃኑ ይግለጽ።



## ጀርመን፡ ናብ እስራኤል ኣጽዋር ትልእኽ

መንግስቲ ጀርመን፡ ኣብ ቀዳማይ መፋርቕ 2026 ጥራሕ፡ ኣስታት 800 ሚልዮን ዩሮ (930 ሚልዮን ዶላር) ዝዋግኡ ኣጽዋር ናብ እስራኤል ከም ዝለኣኸ ተሓቢሩ።

እዚ ድማ፡ ካብ'ቲ ጀርመን ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ነታ ሃገር ዘቕረበትላ ኣጽዋር፡ ብኣርባዕተ ዕጽፊ ዝዛየደ ምዃኑ እዩ ዝግለጽ ዘሎ።

ጀርመን ኣብ ነሓሰ 2025፡ እስራኤል ንቓዛ ንምቁጽጻር ብዘበራ መደብ ናብ'ታ ሃገር እትልእኾ ዝነበረት ኣጽዋር ንግዚኡ ደው ኣቢላቶ'ኳ እንተ ነበረት፡ እየሩሳሌም ብኣመሪካ ዝተደገፈ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ ምስ ሓማስ ድሕሪ ምኽታማ ግን ኑቲ እገዳ ከም ዘልዓለቶ ይሕበር።

ብኻልእ ወገኑ፡ ጀርመን ምስ እስራኤል ንዘለዋ ወተሃደራዊ ዝምድና ተስፋሓ ከም ዘላ ተገሊጹ።

በዚ ድማ፡ ትማሊ ረቡዕ ሓይሊ ባሕሪ ጀርመን ኣብ ሰሜን ኣትላንቲክ ክሳብ 500 ኪሎ ሜተር ዝውንጨፍ ባሊስቲካዊ ሚሳይል እስራኤል ንፈተነ ከም ዝወንጨፈ ተፈሊጡ።



| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ማይ ተመናይ | 4/9/26 | ጎደና ዓዲ ኣበይቶ ቁ.315፡ ከባቢ ቤተ ክርስትያን ኣቡነ -ኣረጋዊ | 08370134 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services